# ንህፃናት ብእወንታዊ መልክዕ ስርዓት ምትሓዝ

መእተዊ........2
መፍትሒ ቃላት........3
ሓፈሻዊ መምርሒ ስልጠና........4
1. ስርዓት እንታይ ማለት እዩ?........7
1.1. "ስርዓት ዘለዎ ኣተሓሕዛ ህፃናት እንታይ ማለት እዩ?........8
1.1.1 "ትኽክለኛትርጉም መትሓዚ ስርዓት እንታይ እዩ?........9
1.2. ንምታይ ህፃናት ምትሓዝ ስርዓት ኣድለየ?........9
1.3. ህፃናት ብስርዓት ሃኒፅካ ንምዕባይ ዘለዉዎ ረብሓታት እንታይ እዮም?........10
1.4. ኣብ ዙርያ ባህርይ ህፃናት ፅዕንቶ ዘሕድሩ ነገራት........10
2. ምዝገባ እንታይነት ቅፅዓት........13
2.1. ፍልልይ ቅፅዓትን መትሓዚ እወንታዊ ስርዓትን........14
2.2 ቅፅዓት እንታይ እዩ?........14
2.3.ቅፅዓት ብመነፅር ህፃናት እንትረአ........15
2.4. ዓይነታት ቕፅዓት........15
2.5. መቕፃዕቲ ህፃናት ዘስዕቦ ፀገማት........16
2.6. ቅፅዓት ህፃናት ኣብ ኢትዮጵያ........17
2.7.ብማ/ሰብና፣ ወለድና መምህራን ተቐባልነት ዘይብሎም ብልሙድ ቅፅዓትን ኣብ ባህርያት ህፃናት ዘስዕቦን........18
2.8. መጠቓለሊ ፍልልይ ስነስርዓትን ቅፅዓትን ንወለዲ/መዕበይቲ........21
3. ኣሉታውን እወንታውን ስነስርዓት መትሓዚ መንገድታት........22
3.1. ኣሉታዊ ስነስርዓት መትሓዚ መንገድታት........22
3.2. መንገድታት መትሓዚ እወንታዊ ስነስርዓት........24
ብምምይየ........26
3.3. ተግባራዊ ልምምድ........27
2. ወለዲ ወይ መዕበይቲ ንህፃናት ከመይ ብመንገዲ እወንታዊ ስነስርዓት ምስትምሃር ይሽእሉ? 31
4. ቀንዲ መልእኽትታት........35

# መእተዊ

እዚ መፅሓፊ ኢድ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ህፃናት ስርዓት ከመይ ምስትምሃር ከምዝከአል ደረጃ ግንዛበ ወለድን መምህራንን ንምዕባይ ተሓሲቡ ዝተዳለወ እዩ።
ህፃናት ናይ ፅባሕ ተተካእቲ ትውልዲ እዮም። በዚ መነፅር እዚ ሓላፍነት ቀፃሊ ትውልዲ ብስምዒት ይግብአኒ ክዋፀኡ እንትተደልዩ እዙይ ንምግባር ዝኽእል ዝኾነ ፅቡቕ ኣጋጣሚ ወይ ዕድል ኣቐዲምካ ክማቻቸኾ ይግባእ።
ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ዝተካየዱ ርካቦታት መፅናዕቲ ከምዘመላኽትዎ ኣብ መፈለምታ ውሑዳት ዓመታት ንህፃናት ዝግበሩ ምክንኻን ዝወሃብ ጠመተን ኣብቶም ህፃናት ቀፃሊ ህይወትን ስብእናን ካብ ምውሳን ሓሊፉ ዝህልዎ ግደ ኣዙዩ ልዑል እዩ።ኣብ ምንክኻን ህፃናት ግደ ወለድን መምህራንን ዝለዓለ ብፅሒት ይሕዙ።
ብልምዲ ኣብ ሃገርና ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ እናተመሓላለፈ ዝመፅአ ኣተዓባብያ ህፃናት ዝተለመደ ህፃናት ከይጠምዩን ከይቖሩን ካብ ምግባር ወፃኢ ንኣካላዊ፣ ስምዒታዊ፣ አእምሮአውን ማህበራውን ህይወቶም ምዕባለ ብዙሕ ጠመት ኣይወሃብን፡፡ እርግፅ ኣብ ህፃናት ኣመጋግባ፣ ምስታይን ምክልኻል ቑርን ዝግበር ልዑል ምንክንኻን ፅቡቕ እንትኾነ እኺ ጠመት ክወሃቦም ዝግበኦም ብዙሓት ዋኒናት ግና ኣለዉ፡፡
ዋኒን ምኽባር መሰል ህፃናት ከምኡውን ህፃናት ስነ ምግባር ንምስትምሃር እንደልዮም መንገዲታት ጠመት ከይተገበረሎም ዝፀንሑ ዋኒናት እዮም፡፡ ህፃናት ከምካልኦት ክፋል ማሕበረሰብ ሰብ መሰል ምኻኖም ምርዳእ፣ ህፃናት እንተዘይተቖርጢጦም/እንተዘይተቐፂዖም ስርዓት ኣይሕዙን ዝብል ኣመለኻኽታ ኣብ ማሕበረሰብ ሰሪፁ ብምፅናሑ ኣብ ዙርያ ምኽባር መሰልን ስነስርዓትን ህፃናት ዝተፈላለዩ ፀገማት ይረአዩ እዮም። ንኣብነት ዝኣክል ኣብ ምንቅስቓስ ህፃናት ቁፅፅር ምብዛሕ፣ ህፃናት ብኣባፅሕ ቅቡላት ዘይኾኑ ባህርያት እንተርእዩ ምቕፃዕ/ስጉምቲታት ምቁርጣጥ ኣብ ዝውሰዱ ህፃናት ዘይቅቡል ባህርይ ሒዞም ከይዓብዩ ካብ ዝብል ኣመለኻኽታ ዝብገስ እዩ። እዚ ዝተሰሓሓተ ኣመለኻኽታ፣ ህፃናት ቅቡል ስነምግባር ንኽሕዙ ኢልካ ዝውሰዱ ስጉምትታት ኣብ ህፃናት ኣሉታዊ ፅልዋ እናሕደሩ መፂኦም እዮም።
ዕላማ እዚ መፅሓፊ ኢድ ህፃናት ስርዓት ንምስትምሃር ኣብ ማሕበረሰብ ሱር ሰዲዶም ዝፀንሑ ጎዳእቲ ኣመለኻኽታ ንምቕያር ዝግበሩ ፃዕርታት ንምእራም ዝኽእሉ ካልኦት ሜላታት መማሪዒ ዝሓዘ እዩ። ስለዚ ህፃናት ወይ መዕበይቲ ከምኡውን መምህራንን እዚ መፅሓፊ ኢዲ ብምጥቃም ህፃናት ብአወንታዊ መንገዲ ስነ ምግባር ምስትምሃር ይኽኣል እዮም፡፡ ስኩል ሬዲነስ ኢኒሼቲቭ ነዚ መፅሓፊ ኢዲ ብመምሃራይነት ኣዳልዩ ንተጠቀምቲ እንተቕርብ ልዑል ሓጎስ ይስመዖ፡፡

ዶ/ር ምኒልክ ደስታ አርጋው

መራሒ ፕሮጀክት/ሰሪኢ/ን በዓል ሙያ ሕክምና አእምሮን

# መፍትሒ/ትርጉም/ ቃላት

ኣብ ውሽጢ እዚ መፅሓፊ ኢ.ዲ ዝርከቡ ሙያዊ መብርሂ ዝሕብሮም ቃላት ወይ ኣምራት ክምዝስዕብ ቀሪቦም ኣለዉ፡፡ ስለዝኾነ መሳለጠዋቲ ነዚ ኣቐዲሞም ክርእይዎም ይግባእ፡፡

**መፅሓፊ ኢ.ዲ** :- ሓደ ተግባር ንምስራሕ ምስዓብ ዝግባእ ቅድመ ሰዓብ ኣሰራርሓ በብደረጃኡ ንምርኣይ ዝሕግዝ መፅሓፍ እዩ፡፡

**ምእጋድ** : ሓደ ወይ ዝተፈላለያዩ ከይስረሑ ዝተቐመጡ እገዳታት እዮም፡፡

**መራኸብቲ ሓፋሽ፡** ኣብጋዜጣ ወይ ኣብ መፅሄት ዝተሓተሙ ፅሑፋት፣ ፊነወ ሬድዮ ወይ ብምስሊ ድምፂ ቴሌቪዥን መልእኽቲ ንምሕልላፍ ዘኽእሉ መሳርሕታት እዮም፡፡

**ጀነቲክ/ዘረመል/** : ንህይወት ዘለዎም ነገራት ዝውስኑ ዘርኣዊ ባህርያት ካብ ወለዲ ናብ ውለዳት ዝመሓላለፉ ተፍጥራዊ ቅመማት እዮም፡፡

**ኣሉታዊ መንገዲ መስተምሃሪ ስርዓት** : ህፃናት ስነ ስርዓት ንምስትምሃር እንጥቀመሉ ናይ ሓይሊ መአረሚ/ጉልበት ወይ ምፍርራሕ ሜላ ትግበራ እዩ፡፡

**እወንታዊ መንገዲ መስተምሃሪ ስርዓት፡** ኣብ ህፃናት አካላዊ፣ ስሜታውን አእምሮአውን ጉድኣት ከየበፅሑ እንጥቀመሎም ሜላታት መስተምሃሪ ስነስርዓት እዮም፡፡

**መበገሲ ባእሲ፡** ምልዕዓል ጎንፂ ወይ ባእሲ እዩ፡፡

# ሓፈሻዊ መምርሒ ስልጠና

**ዕላማ እዚ ስልጠና**፡ ኣብ መወዳእታ እዚ ስልጠና ወለዲ/መዕበይቲ ኣብ እንታይነትን ፍልልይን ኣሉታዊ (ረብሓ ዘይብሎም) ጉድኣትን እወንታዊ (ረብሓ ዘለዎ) ሜላታት መትሓዚ ስነስርዓት ህፃናት ይርድኡ፡፡

**ተሳተፍቲ እዚ ስልጠና**

ኣብ ስልጠና ተሳተፍቲ ክኾንዎ ትፅቢት ዝግበረሎም መምህራን፣ ኣብ ትካላት መዕበይቲ ህፃናት ዝሰረሑ ዝሰርሑ ሰራተኛታት፣ ከምኡውን ወለድን መዕበይትን እዮም፡፡

**ምይይጥን ክለሳን ዝሓለፈ መዓልቲ/ትምህርቲ**

ኣብ መጀመርታ እቲ ስልጠና ክልተ ካብ ተሳተፍቲ ስልጠና ሕሉፍ መዓልቲ እንታይ ቁምነገራት ከምተጨበጡ ፣ ዘጋጠሙ ተጓንፎታት፣ ዝተስተኻኸሉ፣ተሳትፎ ተሳተፍቲ ወዘተ ፅሙቕ ኣቢሎም ዘቕርቡ በብመዓልቱ ይምረፁ፡፡ ንኣብነት፦

1. ኣብ ዝሓለፈ መዓልቲ ዝተመያየጥናሎም እንታይ እንታይ ነይሮም?
2. ብመነፅር ኣብ ዝሓለፈ ዝተመያየጥናሎም ርእሲ ወለዲ ኣብ ምስ ህፃናት እንታይ ሰሪሕኹም? ዘጋጠመኩም ፀገም ነይሩ ዶ?
3. ዝሓለፈ ስልጠንኩምዎ ንኀረባብትኹም ኣመሓላሊፈኩም ዶ?

**ተፍትሽ ቅድመን ድህረን ስልጠና**

ዝሓለፈ ስልጠና ንምዝኽኻር ካብ ዝትግበሩ ተግባር ቀፂሎም ናይቲ ዕለት ስልጠና ቅድሚ ምጅማሩ ንተሳተፍቲ ተፍትሽ ቅድመ-ስልጠና ይዕደል፡፡ ኣብቲ ስልጠና ዝረኸብዎ ፍልጠት ንምግምጋም ድማ ኣብ መወዳእታ ሕድሕድ ስልጠና ተፍትሽ ድህረ-ስልጠና ይወሃብ፡፡

**ሓፈሻዊ ስሪት/ደንብታት ስልጠና፣**

ኣብ መጀመርታ መዓልቲ እቲ ስልጠና ዝስዕቡ ሕግታት ስልጠና ብሰልጠንቲ ተሳትፎ ምፅዳቕ

- ኣቀማምጣ ሰልጠንቲ ብቅርፂ ሀ´ ምኳን ከምዝምረፅ ምግላፅ
- መመያየጥን ተሳተፍትንክፋለጡ ምግባር

- ምኽባር ሰዓት
- ኣብ እዋን ስልጠና ድምፂ ሞባይል ስልክ ዘይብሉ ምግባር
- ኣብ ኩሎም ስልጠና ክፍለ ግዘ ምርካብ
- ንጡፍ ተሳትፎ ምግባር
- ሓሳባት ካልኦት ሰልጠንቲ ምኽባር

ምርጫ መዘኻኸሪ፡ ኣብ ሕድሕድ ዕለት መጀመርታ ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ዝሰልጠንዎ ቁምነገር ብዝምልከት ንተሳተፍቲ ንምዝኽኻር ሕፅር ዝበለ ገምጋምን ዕብረቓን ዘቕርቡ ክልተ ተሳተፍቲ ምምራፅ፡መቕረቢ ግዘ 5 ደቒቓ ምውሳን

- ስልጠና ቦታ ምምችቻወ -ኣብ ሕድሕድ መዓልቲ መጀመርታ ን1 ደቓይቕ ዝኣክል መተሓባበርቲ ስልጠና ነቲ ስልጠና ቦታ ምችዊ ምግባር
- ሰኣት ተቆፃፃሪ ምምራፅ

**ንስልጠና ዘድልዩ ናውቲ**

- ብደረጃ ዕድመ ህፃናት ዝተዳለዉ ዛንታ ወይ መፅሓፍቲ ነበረያነበረን ስእልታትን
- ዕሩይ መፅሓፊ ሰሌዳ / ፍሊፕ ቻርት
- ማርከር/ቾክ
- እስክርቢቶ ማሰታወሻ ደብተር
- በረርቲ ፅሑፋት

**ኣብ መወዳእታ ስልጠና ሕድሕድ መመያየጥቲ/መሰልጠንቲ ግቡእነት መዘክር ምሓዝ**

ኣብ ወዳእታ እዚ ስልጠና ሕድሕድ መመያየጢ ብዘዕባ ከይዲ እቲ ምይይጥ መዘክር ክሕዙ ትፅቢት ይግበር፡፡ ኣብቲ ዘተ ዝገብርዎ ምይይጥ ወይ ኣብ ውሽጢ ከይዲ ምይይጥ ግልፂ ኮይኖም ይወፅኡ፡፡ኣብዚ ምዕራፍ ውሽጢ ከጠቓለሉ ወይ ደጊምካ ክንመሃሮም ዝግበኦም ቁምነገር ኣብ መዘክር ምሓዝ የድሊ፡፡ ንዞም ቁም ነገራት ነዚ ሰነድ ኣብ ቀፃሊ ብዝበለፀ ንምጉልባት ሓገዝቲ ስለዝኾኑ እዩ፡፡ በዚ ዓይነት ዝተትሓዙ መዘክራት ስኩል ሬዲነስ ኢኒሸቲቭ ምስ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ጉ/ደ/ኣንስትዮ፣ ቢሮ ጉዳይ ህፃናትን መናእሰይን ብምትሕብባረ ኣብ ዝዳለዉ ስልጠና መሰልጠንቲ ቀሪቦም ምይይጥ ምስገተገበረሎም ኣብ መሰልጠኒ መፅሓፊ ኢድ ዝተማለአ ንምግባር ኣዙዩ ጠቓምቲ እዮም፡፡

# ንህፃናት ብእወንታዊ መልክዕ ስርዓት  ምትሓዝ

እዚ ስልጠና ብዛዕባ  ኣተኣላልያ  ህፃናት ግቡእ መሰረታዊ  ዝርዝር ዝኾኑ መረዳእታታተ የድልዩ፡፡

## መርሃ ግብሪ

| ትሕዝቶ | ሜላ ኣተገባብራ | ዘድልዮ ግዘ |
|---|---|---|
| ተፍትሽ ቅድመ ስልጠና | ሕቶ ወረቓቕቲ ምዕዳል | 15 ደቒቓ |
| ዕላማ እዚ ስልጠና | ምንባብን ምምይያጥን | 2 ደቒቓ |
| ስነ ስርዓት እንታይ ማለት እዩ? | ሕቶን መልስን ገለፃን | 10 ደቒቓ |
| እንታይነት ቅፅዓት  ምግንዛብ | ሕቶን መልስን ገለፃን | 10 ደቒቓ |
| ኣገባብ ስርዓት ኣተሓሕዛ ህፃናት መንገዲታት ኣተኣላልያ ህፃናት | ሕቶን መልስን ገለፃን | 15 ደቒቓ |
| ወለዲ ክገብርዎም ዝግበኡ ነገራት | ምንባብን ምምይያጥን | 10 ደቒቓ |
| ቀንዲ/ቂልፊ መልእኽቲ | በምንባብን ምምይያጥን | 10 ደቒቓ |
| ተፍትሽ ድህረ-ስልጠና | ምዕዳል ሕቶ ወረቓቕቲ | 15 ደቒቓ |

## ዕላማ እዚ ስልጠና

ድሕሪ  እዚ ስልጠና ሰልጠንቲ ፦

- ግቡእን ዘይግቡእን ዝኾኑ ባህርያት ይፈልዩ፡፡
- ግቡእ እወንታዊ ሜላታት ኣተሓሕዛ ይዝርዝሩ፡፧
- ዓይነታትን እንታይነትን ቅፅዓትይፈልዩ፡፡
- ቅፅዓት ዘስዕቦም ፀገማት ይፈልዩ፡፡
- ግቡእ ስርዓት እንታይ ከምዝኾነ ይርድኡ፡፡
- ግቡት ሜላታት ምስትምሃር ንህፃናትሜላታት ምስትምሃር ስርዓት ኣተሓሕዛ ይፈልዩ፡፡
- ግቡእ ዘይኮኑ ሜላታት ስርዓት ኣታሓሕዛ ይግንዘቡ፡፡

# 1. ስነ-ስርዓት እንታይ ማለት እዩ?

***መመያየጢ***

*መልሲ ቅድሚ ምሃብኩም ተሳታፍቲ ‹ግብኡነት ስነ-ስርዓት እንታይ ማለት እዩ?› ኢሎም ይሕተትዎም እሞ ዝሃብዎ መልስታት ኣብ ፊሊፕ ቻርት ፅሓፍዎ፡፡*

**ትርጉም**

ግቡእ ስነ-ስርዓት ማለት ሓደ ሰብ ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታትን ቦታን ከርእዮ ትፅቢት ዝግበረሉ ማህበራውን ባህላውን ባህርይ እዩ፡፡ ግቡእ ሓደ ሰብ  ብባህሊ ተቐባልነት ዘለዎ ባህርይ ብምልባስ ቅቡል ዘይኮነ ባህርይ ካብ ምርኣይ ዝዕቀበሉ መንገዲ እዩ፡፡ እንታይነት መግለፂ ግቡእ ወይ ዘግቡእን ካብ ባህሊ ባህሊ ከምኡውን ካብ ዕድመ ክፈላለ ይኽእል እዩ፡፡

***መመያየጢ፡-መልሲ ቅድሚ ምሃብኩም ተሳተፍቲ ብልሙድ ዝፍለጡ* "ምትሓዝ ስነስርዓት"** *እንታይ ማለት እዩ? ኢሎም ይሕተትዎም መልሶም ኣብ ሰሌዳ ፀሓፍዎ።*

**ንኣብነት**

እቲ ሕልሚ "እዚ ህፃን ስርዓት ክሕዝ ይግባእ" ንዝብል ኣበሃህላ፡ "እዚ ህፃን ክግረፍ ወይ ክቕፃዕ ኣለዎ" ዝብል ትርጉም ይህብ ።

እዚ ትርጓም ብቕኑዕ ልቦና ዝተሓሰበ እኳ እንተኾነውን ስሕተት እዩ። ትኽክለኛ ትርጉሙ ኣብ እግሪ 1.1.1 ዘሎ የንብቡ።

*ህፃናት ብወለዶም ወይ ብመዕበይቶም ወይ ብባህሎም ክሰርሑ፣ ክስርሑን ክፍፅሙን ወይ ከይሰርሕዎ፣ ከይዝረቡ ከይፍፅምዎ ዝተምሃርዎ ወይ ዝተውሃቦም መምርሒ እንትትግብሩ ግቡእ/ስነስርዓት ዘለዎም ይበሃሉ፡፡ ህፃነት ግቡእ/ ስነስርዓት ዝመሃሩ ካብ ስድራኦም እዮም፡፡*

## 1.1. "ስነ-ስርዓት ምትሓዝ እንታይ ማለት እዩ?

ብልምዲ ከምዝፍለጥ ምትሓዝ ስርዓት ህፃናት ማለት ካብ ወለዲ ወይ ካብ መምህር ወይ ካብ ካልኦት በትሪ ዝበሖም ወይ ካልእ ኣካላዊ ቅፅዓት ፈሪሖም ዘይተደለየ ባህርይ ክገድፉ ተሓሲቡ ምኻኑ ይፍለጥ፡፡ ነገር ግና እዙይ ትኽክለኛ ትርጉም ኣይኮነን፡፡

***መመያጢ፡*** *ንዚ ርእሲ መልሲ ቅድሚ ምዝራቦም ተሳተፍቲ ዝሓስብዎም ምኽንያታት ይሕተቱ መልሲ ኣብ ሰለዳ ይፅሓፈዎ። መልሶም ምስ ዝተውሃበ መብርሂ እናወዳደሩ የረድእዎም።*

### 1.1.1 "ትኽክለኛትርጉም ስርዓት ምትሓዝ እንታይ እዩ?

*መትሓዚ ስርዓት ህፃናት ማለት ኣግባብ ስርዓትን ወይ ህፃናት ዝደልይዎ ኣመል/ ጠባይ ከርእዩን ዝድለ ስራሕ ክሰርሑን ዘይድለ ስራሕ ከይሰርሑ፣ነዚ ጠባይ ብዘላቒነት ክሰርሕዎ ብፍቕሪ ብምስትምሃርን ብመርኣይነት እናርኣዩ ምብቃዕ እዩ፡፡*

### 1.2. ንህፃናት ስነ-ስርዓት ምትሓዝ ንምንታይ የድሊ?

*ናይ መወዳእታ ሽቶ ግንዛበ ስነ ስርዓት ህፃናት ባህርኦም ተረዲኦም ብድሌት ሓላፍነት ክሸከሙ፣ ንባዕሎምን ንካልኦትን ክብሪ ዝህቡ ብባዕሎም ምትስሳእት ምንቅስቓስ ዝገብርሉ ከይዲ እዩ ፡፡*

*ህፃናት ግቡእ/ ስነስርዓት ብሓደ መዓልቲ ህንፀት ጥራሕ ዝመፅእ ለውጢ ዘይኮነስ ብኽይዲ ዝምዕብል/ዝህነፅ ውፅኢት እዩ፡፡ ህፃናት ናይ ባዕሎም ስነ ምግባር ዘማዕብሉ ወለዲ ብተኸታተሊ ብዝወሃቦም ትምህርትን መምርሕን እዩ፡፡ ወለዲ ብዘይምቁራፅ ብዝገብርዎ ትዕዝብቲ፣ ንውላዶም ብዘቐምጥዎ መምርሒ እንትህቡ፣ ብተኸታተሊ ብዝወስድዎ እወንታዊ መአረሚ ስጉምትታት ህፃናት ባዕሎም ክእለት ምምሃር ስነ ምግባር የማዕብሉ፡፡ ህፃናት ጉድለት ግቡእ/ ስነስርዓት መአረሚ መንገዲታት እወንታዊ ወይ ኣሉታዊ ክኾውን ይኽእል እዩ፡፡*

***መመያየጢ***

***ህፃናት ስነ-ምግባር ምትሓዝ ማለት ኣብ ምስትምሃር ኣተሓሳስባ ብምዃን ቅቡልነት ዘለዎ ባህርይ ኮስኹሶም ምዕባይ ማለት እዩ እምበይ ዘይድለ ባህርይ እንተርእዩ ብምቕፃዕ ኣይኮነን፡፡***

***ንህፃናት ስርዓት ምትሓዝ ዝከኣል ብፍቕርን ብትዕግስትን እዩ ነገር ግና ብፅቡቕ ብምምካርን ብምብቃዕን ንደንቢ ስነ-ምግባር መኽበርቲ ክኾኑ ብምግባር እምበይ ብምቕፃዕ ከምዘይኮነ ግንዛበ ክታሓዝ ይግባእ፡፡***

## 1.3. ንህፃናት ብስነ-ስርዓት ሃኒፅካ ምዕባይ ዘለዉዎ ረብሓታት እንታይ እዮም?

- ዝድለ ባህርይ ንኽህልዎም ይሕግዝ፡፡
- ባዕሎም ምቁፅፃርን ምሕላውን ዘኽእሎም ግንዛበ ንምምዕባል ይሕግዞም፡፡
- ህፃናት ብባዕሎም ንምስራሕ፣ ንምምሃርን ንዚኦም ንምዕዋት ዝግበር ፃዕርን ምንቕቓሕን የቀላጥፈሎም።
- ህፃናት ተዳለዪ ባህርይ ኣብ ዘርእይሉ እዋን ምድናቕን ሽልማትን እንትረኽቡ ባዕሎም ብግቡእ ክሕልዉን ክቓፃፀሩን የኽእሎም።
- ንባዕሎም ዝህብዎ ፅቡቕ ግምት ልዕል ክብል ይገብር፡፡
- ምንጪ እቲ ሓላፍነት ብቀጥታ ባዕሎም ምኧኖም እንትርደኡ ብስራሖም ይሕጎሱ ከምኡውን ህይወቶም ክእለት ምምራሕ የማዕብሉ።

## 1.4. ኣብ ባህርይ ህፃናት ፅዕንቶ ዘሕድሩ ነገራት

ህፃናት ባዕሎም ዝተፈለየ ስነ ምግባር ሒዞም ዝዓብዩ ኣብ ከይዲ እዩ፡፡ ስነ ምግባር ህፃናት ውፅኢት ዝተፈላለዩ ፅዕንቶታት እዩ፡፡ፅዕንቶ ዘሕድሩ ነገራት ካብቶም ህፃናት፣ካብ ወለድን ካብ ከባቢቢኦምን ክምንጭዉ ይኽእሉ እዮም፡፡ እዚኦም ኣብ ስነምግባር ውለቀ ሰብ  ፅዕንቶ ካብ ሕድሩ ቀንዲ ምኽንያታት ቀፂሎም ቀሪቦም ኣለዉ፡፡

### ሀ) ተፈጥሮአዊ/ባህርያዊ  ምኽንያት

**መመያየጢ**

ኣብዚ ውሽጢ ክፍሊ ‹ተፈጥሮአዊ› ማለት ሓንቲ ኣንስታይ እንቁላሊሕ ምስ ሓደ ዘርኢ ተባዕታይ ኣብ ዝወሃድሉ ዓት/ግዘ ጀሚሩ ህፃን ተወሊዱ ምስ ሰባት ማህበራዊ ርክብ ክሳብ ዝጅምር ኣብ ዘሎ ግዘ ኣብቲ ውሽጢ ውለቀ ሰብ ዝፍፀሙ ከይድታት ተፈጥሮ የመላኽት፡፡ እዞም ከይድታት ተፈጥሮ ኣብ ባህርይ ህፃናት ናይ ባዕሎም ዝኾነ ፅልዋ ኣለዎም፡፡ብፍላይ ብጀነቲክ/ዘርኢ ኣብ ከይድታት ምዕባለን ስርዓት መትኒን ብዘጋጥሞም ፀገም ህፃናት ዝተፈለየ ባህርይ ከርእዩ ይኽእሉ እዮም፡፡

## ለ) ተሳትፎ ወለዲ ወይ መዕበይቲ

**መመያየጢ**

ወለዲ ኣብ ባህርይ/ጠባይ ህፃናት ግልፂ ዝኾነ ፅልዋ የሕድሩ እዮም፡፡ እዙይ እንትንብል ወለዲ ንደቆም ብዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት እንታይ ምግባር ከም ዘለዎምን ከም ዘይብሎምን፣ ከመይ ምግባር ምድጋፍ ከምዘለዎም ዘምህር እዩ፡፡ እዙይ ወለዲ ንውላዶም ስነ ስርዓት ዘምህርሉን መምርሒ ዘቐምጥሉን ህፃናት ብፅቡቕ ባህርይ ንምህናፅ ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎም፡፡ ወለዲ ወይ መዕበይቲ ኣብ ህፃናት ስነስርዓት ግልፂ ኣበርክቶ ኣለዎም፡፡

ምዕባለ ስነስርዓት ህፃናት ብፍሉይ ዝምስረተሉን ከም ኣብነት ገይሮም ዝምርሕሉን ገይሮም ብወለዶም ዝወስዱ  እዩ፡፡ ህፃናት ካብ ዝወሃቦም መምርሒ ዝበለፀ በብመዓልቱ ምስ ወለዶም ወይ መዕበይቶም ዝምልከት ኣብ ተግባራዊ ዝርርብን ምንቅስቃስን ዝተፈለየ ስነምግባር ይመሃሩ፡ ንሶም ከይሰሕዎ ዋላ ይነገሮም ህፃናት ኣትስርሕዎ  ዝተብሃለ ነገር ወለዶም ወይ መዕበይቲ ብተደጋጋሚ ዝፍሰርሕዎም እንተኾይኖም ብዙሕ ግዘ ህፃናት ሒዞም ናይ ምዕባይ ኩነታት ይረአዮም፡፡ እዚ ስራሕ ዝፍፀም ወለዶም  ወይ መዕበይቶም መርኣያ ገይሮም ብምውሳድ እዩ፡፡ ህፃናት ፅቡቕ ስነስርዓት ንምህናፅ መርኣያነት ወለዲ ዝለዓለ መሳርሒ እዩ፡

## ሐ) ፅልዋ ከባቢ

**መመያየጢ**

ሓደ ህፃን ንነዊሕ ግዘ ዝበለፀ ቅርበት ዝህልዎ ካብ ምስ ወለዱ ወይ መዕበይቱ ዝበለፀ ምስ መሓዙቶም ፣ ጎረባብቶም፣ መምህራን  ወይ ሞግዚት እዩ፡፡ ንቲ ህፃን ዝበለፀ ቅርበት ዘለዎም ሰባት ኣብ ህንፀት ባህርይ ወይ ስነ ምግባር እቲ ህፃን ዘሕድርዎ ፅልዋ ጉልበት ኣለዎ፡፡

## መ) ካልኦት መሓዙት ህፃናት

*መመያየጢ፡*

**ካልኦት ህፃናት፡-** ህፃናት ካብ መሓዙቶም ብተደጋጋሚ ብዝህልዎም ርክብ ባህርኦም/ጠባዮም ክልወጥ ወይ ክመሓየሽ ይኽእል፡፡ ፅልዋ ምሕዳር ዝኽእሉ ህፃናት ፅልዋ ምግባር ኣብ ዘይኽእሉ ህፃናት ልዑል ፅዕንቶ ይፈጥር እዮም፡፡

## ሠ) መምህራን

*መመያየጢ*

ካብ ስራሕቲ መምህራን እቲ ሓደ ህንፀት ስነምግባር ህፃናት እዩ፡፡ ስለዚ ፅለማ መምህራን ኣብ ህንፀት ባህርይ ህፃናት ጠመተ ሂቦም ይሰርሑ፡፡ መኣዲ ትምህርቲ ካብ ዘለዎም ኣበርክቶ ብተወሳኺ ካብ ወለድን መሓዙቶምን ቀዲሙ ንህፃናት መርኣያ ዝኾኑ መምህራን እዮም፡፡

## ረ) መራኸብቲ ሓፋሽ

*መመያየጢ*

ህፃናት ኣብ ውሽጢ ገዛ ንነዊሕ ግዘ ቴሌቪዥን ብምርኣይ ወይ ራዲዮ ብምድማፅ ግዘኦም የሕልፉ እዮም፡፡ ብተደጋጋሚ ቴሌቪዥን ዝሪእዎ ወይ ብራዲዮ ዝሰምዕዎ ነገር ኣብ ህንፀት ባህርኦም ፅልዋ የሕድሩ፡፡

## 2. እንታይነት ቅፅዓት ምግንዛብ

1. ህፃናት ስነስርዓት ዘለዎም ክኾኑ ወለዲ ዝጥቀሙሎም ሜላታት እንታይ እንታይ እዮም?

*መመያየጢ፡*

ወለዲ ኣብ ዙርያ ዝስዕቡ ነጥብታት ንውሱን ደቓቒ በብውልቆም ብርግኣት ክሓስቡ ምብርትታዕ፡-

- እስቲ ባዕሎም ወይ ንባዕሎም ዝቐርብዎም ሰባት ንምትሓዝ ስነ ስርዓት ህፃናት ዝገብርዎም ነገራት ማለት ውለዶም ስነስርዓት ኣይኣኽበረን እንተይሎም ንቲ ህፃን ስነስርዓት ንምትሓዝ ዝጥቀምሉም ሜላታት ንሓደ ደቒቓ ዘክርዎም/ሕሰብዎም፡፡
- ኣብ ዘበን ህፃንነትኩም ስድራኩም ንምትሓዝ ስነስርዓት ውለዶም/ ህፃናት/ ዝጥቀምዎም ሜላታት እንታይ እንታይ ከምዝነበሩ እስቲ ንሓደ ደቒቓ ዝሓሰብዎ ባዕሎም ህፃን ኣብ ዝነበርሉ እዋን፣ ህፃናት ስነስርዓት ኣይነኽብርን እንተይሎም ወይ ስነስርዓት እንትጥሒሶም ወለዲ ንውላዶም ስነስርዓት ንምትሓዝ ዝጥቀምሎም ሜላታት ብተመለከተ ተሳታፍቲ በብውልቆም ብርግኣት ንኽልተ ደቒቓ ክሓስቡ ምስ ተገበረ ኣብ ዝቐረቡ ሕቶታት ርኢታት ክህቡ ምብርትታዕ፡፡ ተሳተፍቲ ምንም ነገር እንተይሓብኡ ወይ “እዙይ ኣይዛረብን” ዝብል ቅዋም እንተይሓዙ ብዝተኻኣለ መጠን ኣብቲ ባህሊ ዝረአዩ ብግልፂ ክቐርቡ ምብርትታዕ፡፡

### ትርጉምን መብርህን ቅፅዓት

ሓድሓደ ግዘ ህፃናት ወለዶም ክህልዉሎም ካብ ዝድለ ስነ ምግባር ስለዝወፅኡ እዩ፡፡ በዚ ግዘ ወለዲ መአረሚ ስጉምቲ ይወስዱ እዮም፡፡ ዝተሰሓሓተ ስነ ምግባር ንምእራም ህፃናት ዝውሰዱ ስጉምትታት ካብ ባህል ናብ ባህል ፣ ካብ ወለዲ ናብ ወለዲ ወይ ካብ መዕበዩ ናብ መዕበዩ ይፈላለዩ እዮም፡፡ ብባህልና ብልሙድ መትሓዚ ስነስርዓት ተባሂሉ ዝውሰድ **ቅፅዓት** እዩ፡፡ ኩሉ ግዘ ስነስርዓት ዘይብሉ ህፃን ‹ዘይተቆርጠጠ› ይበሃል፡፡ ብልሙድ ንሓደ ህፃን ዝወሃቦ **‹ሰበይቲ ዘዕበየቶ›** ዝብል ሳጓ/ስም እናቀፃዕኻ ስነስርዓት ዘትሕዝ (**ዝኽፃዕ**) ኣቦ ኣብ ገዛ ዘየለ ምኺኑ የፍልጥ፡፡

## 2.1. ኣፋላላይ ቅፅዓትን ብእወንታዊ ኣገባብ ስርዓት ምትሓዝን

***መመያየጢ*** ፦ *ፅቡቕን ሕማቕን ፈልዮም ምፍላጥ ኣብ ዘይኽእሉ ህፃናት መትሓዚ ስርዓት ምስ* ***ቅፅዓት*** *ምትእስሳር ጠቃሚ ኣይኮነን፡፡ ምኽንያቱውን ህፃናት እንትንቀፅዖም (ኣብ ኣካል ወይ ስምዒት ዝጎድእ ዘብፅሕ ቅፅዓት) ንሳቶም ዝስመዖም ንሕማም ምቅላዖም እምበይ ምስ ምውፃእ ግቡኦም ከተኣሳስርዎ ኮነ ወላዲ ቅፅዓት ምስ ስርዓት ዘተኣሳሰርሉ ምኽንያት ቅንፅና ክርደኦም ክእለቶም ኣይፈቅድን፡፡*

*ኣብ ላዕሊ ከምዝተገለፀ ዝበዝሕ ማሕብረተሰብ መትሓዚ ስርዓት ምስ ቅፅዓት የተሓሕዞ እዩ፡፡ ቀንዲ ሜላ መትሓዚ ስርዓት ቅፅዓት ከምዝኾነ ገይሮም ይወስድዎ፡፡ እዚ ኩነታት ብዝተወሰነ መልክዑፅቡቕን ሕማቕን ፈልዮም ንዝፈልጡ ኣባፅሕ ፤እናፈለጡ ኾነ ኢሎም ወይ ብዘይምግዳስ ትፅቢት ዝግበረሉ ግቡእ ኣብ ዘይዋፀኡ ኣባፅሕ ጥራሕ ክሰርሑ ይኽእሉ፡፡*

### 2.2 ቅፅዓት እንታይ እዩ?

*ሰባት ኣብ ጥሕሰት ሕጊ /ምትሕልላፍ ደንቢ /እንትርከቡን ዘይግቡእ ባህርይ እንተርእዩን ጥፍኣት ኮይኑ ስለዝውሰድ ንጥፍኣቶም መአረሚ ዝውሰድ ቅፅዓት ይበሃል፡፡ ከምዚ ዓይነት ቅፅዓት ዕላማኡ ሕግን ደንብ ዝተሓላለፉ ሰባት ብምጉዳእ ብኣሉታዊ መንገዲ ባህርይ ሰባት ምስትኽኻል እዩ፡፡*

***መመያየጢ፡-*** *ንኣካለ መጠን ዝበፅሑ ሰባት ቅፅዓት ብምፍራሕ ካብ ጥፍኣት ክድሕኑ ሕግታትን ደንብታትን ዝተፈላለዩ ሜላታት ቅፅዓት የቐምጡ እዮም፡፡ እዚ እኳ እንተኾነ ቅፅዓት ዝበዝሕ ግዘ ኣባፅሕ ካብ ዘይድለ ተግባር ክፅቀቡ እንተዝግበር እምበይ ዝድለ ባህርይ ክለምዱ እንተምፅኡ ኣይረአን፡፡*

## 2.3.ቅፅዓት ብመንፅር ህፃናት እንትረአ

‹ህፃናት ስነስርዓት ዘለዎም ንክኾኑ መጀመርታ ምቕፃዕ(ምጉዳእ)ኣለዎም ዝብል ጎዳኢ ኣመለኻኸታ እዩ፡፡ ዘሕዝን ግና እዚ ኣመለኻኸታ ኣብ ማሕበረሰብ ብስፍሓት ይረአ እዩ፡፡ ብጭቡጥ ዝተረጋገፀ ግና ካብዚ ኣመለኻኸት ብተፃራሪ እት'ኸውን ንሱውን ፅቡቕ ስምዒት ህፃናት እንትስመዖም ብኹሉ ኣንፈት ዝሓሸ ውፅኢታዊ ከምዝኾኑ ምርግጋፁ እዩ፡

## 2.4. ዓይነታት ቕፅዓት

ብልሙድ ኣብ ህፃናት ዝፍፀሙ ቅፅዓታት ክልተ ዓይነት እዮም፡፡

1. እቲ ሓደ ዓይነት ቅፅዓት **ሕልና ዘቑስል** ክፉእ/ሕማቕ ፀርፊ/ ምንቃፍ ወይ ኣሽሙር/ሽምጣጥ/ ዝሓዘ ቅፅዓት እዩ፡፡

- ቀጢን ትእዛዝ
- ጎዳኢ ኣባሃህላታት
- ዓጋቲ ትእዛዛት
- መፈራርሒ ኣበሃህላታት
- ዘናሹ/ሞራል ዝሰብር ኣበሃህላታት

2. **ኣካላውን ስምዒትን** ዝጎድእ ቅፅዓት ።

- ምግራፍ
- ምብዛሕ ስራሕ
- ምንብርካኽ
- ምኽልካል ምግቢ
- ምእሳር
- ምቅፃል
- ምዕጣን በርበረ
- ዘፀግሙ ተግባራት ክፍፅሙ ምግባር ንኣብነት ሓደ ጾግ ማይ በቶ ምባል

***መመያየጢ፡***-ብይዛኦም ዓይነታት ቅፅዓት ይግለፁሎም፡፡ **ቀጢን ትእዛዝ ወይ ስምዒት ዝጎድኡ ኣበሃህላታት፤**ኣብነት፣“ስቕ ኢልካ ኮፍ በል!” “ሚኢቲ ግዘ ደጋጊምካ ፀሓፍ!” “ብኣኻ ግዘይ ኣየጥፍእን!”

**ዓጋቲ ትእዛዝ፡-**"ከምዚ ኣይትግበር!"

***መፍርሒ*** **ኣበሃህላታት**፡-“ወረኻ ጠጠው ዘይተብል እንተኾይንኻ ናብ በረኻ ወሲደ ክድርብየካ እዬ።”

**ዘናሹ/ሕልና ዘቑስ ኣበሃህላታት**:-

"ከም ሓውካ ንምፅሓፍ ዘይተዓደልካ ኢኻ?" “ዘይርደአካ ኢኻ!” “ኩሉ ግዘ ዘይርደአካ ሰነፍ ኢኻ!”ከመኻ ዝበለ ኣብ ሚሐኡ ምቕራይ ይሐይሽ!”

☞ **ቅፅዓት (ንህፃን ብኣካልን ብኣእምሮን ምጉዳእ) ሜላታትመስተምሃሪ ስነስርዓት ኣይኮኑን!**

**መመያየጢ**

ህፃናት ዘለውሉ ደረጃ ብስለት ኣእምሮ ከም ኣባፅሕ ክእለት ምግንዛብ ስለዘይኽእሉ፣ከምኡውን ዝበዝሕ ክእለት ምቁፅፃር ስምዒቶም ስለዘይኣማዕበሉ ዕድል ምጉዳል ስነስርዓት ዕድሎም ሰፊሕ እዩ። ብምዃኑውን ንእዞም ክእለታት ግንዛበኦም ገና ኣብ ምምዕባል ዘለዉ ዜጋታት ብምስትምሃር እምበይ ብመቕፃዕቲ ስነስርዓት ምትሓዝ ምሙኳር ንውልቀሰን ኮነ ንሃገር ጉድኣት ኣለዎ። ኣሉታዊ ቅፅዓት ኣብ ውልቀሰብን ማሕበረሰብን ፀገም ዝፈጥሩ ዜጋታት ከምዝፈጥርሩ ተሳተፍቲ ክንርዳእ ይግባእ።

## 2.5. ንህፃናት ምቕፃዕ ዘስዕቦም ፀገማት

- ህፃናት ካብ መቅፃዕቲ ክግንዘብዎ ዝኽእሉ ዘይንደልዮ ነገር ንምዕጋት ነቲ ሰብን ምጉዳእ ተቐባልነት ዘለዎም ምዃኖም እዩ፡፡
- ምቅፃዕ ህፃናት ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ትምህርቲ ረባሺ በፅባዒ ክኸውኑ ኣስተዋፅኦ ይህልዎ፡፡
- ቅፅዓት ንብዙሓት ህፃናት ፈራሓትን ብባዕሎም ዘይተኣማመኑ እንትገብሮም ሓድሓዲኦም ድማ ዓማፂ ጉልበተኛ/ መሰል ካልኦት ዝጥሕሱ ንኸኸኹ እንተገብሮ ይረአዩ፡፡
- ዝዓብዩ ህፃናት ቂመኛታት ይኾኑ፡፡ ንወንጀል፣ ንጎንፅን መበገሲ ባእስን፣ ንስእነት ነፃነትን ንኻልኦት ዘይምግዳስ ንዝመሳሰሉ ባህርያት የርእዩ፡፡
- ቅፅዓት ከቢድ ዝኾነ ስነ ልቦናውን ኣካላውን ጉድኣት የስዕብ፡፡

## 2.6. ቅፅዓት ህፃናት ኣብ ኢትዮጵያ

ኣብ ኢትዮጵያ ኣካላውን ኣእምሮውን ቅፅዓት ህፃናት ብሰፊሑ ዝተለመደ እዩ፡፡እዚ ኣሉታዊ ዝኾነ መአረሚ መንገዲ ግድፈት ስነ ምግባር ህፃናት ከም ሜላ መስተምሃሪ ከምዝኾነ ብዙሕ ሰባት ይሕሰብ፡፡ መንግስት ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ትምህርቲ መትሓዚ ስነስርዓት መቅፃዕቲ ኣካላዊ ተምሃሮ ካብ ሕጊ ወፃኢ ምዃኑ ዝተደንገገ እኳ እንተኾነ ብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ቅፅዓ ከም ስነ ምግባር መስተምሃሪ መንገዲ ህፃናት ገይሮም እናተጠቐምሎም ይርከቡ፡፡

ቅፅዓት ከም መትሓዚ ስርዓት ህፃናት ኮይኑ ክጋፍሑ ዝኽኣለ ብዝስዕቡ ዓበይቲ ምኽንያታት እዩ፡፡

### 1. ልምዲ

**መመያየጢ**

**ልምዲ፡-**ብዙሓት ኣባፅሕ ቅፅዓት ኣካልን ኣእምሮን ንህፃናት ውፅኢታ ስነምግባር ንምስትምሃርን ተቐባልነት ዘለዎ ሜላ ከምዘኾነን የገንዝቡ እዮም፡፡ ነገር ግና እቲ ቅፅዓት ኣብ ላዕሊ ከምዝተሓበረ ኣብ ቀፃሊ ህይወት ህፃናት ከምኡውን ኣብ ማ/ሰብ ጉድኣት ዘብፅሕ እዩ፡፡

### 2.ሕፅረት ግንዛበ መማራዊ መአረሚ /መህነፂ/ መንገዲ ምህላዉ

**መመያየጢ**

**ብዛዕባ ሕፅረት ግንዛበ መማራዊ መአረሚ መንገዲ ምህላዉ፡-** ብዙሓት ወለዲ ካብ ቅፅዓት ኣካል ዝበለፀ ውፅኢታውን መማራዊ መአረሚ መንገዲ ምህላውን ኣፈልጠን ወይ እንተፈለጥዎውን መማራዊ መአረሚ መንገዲ ኣብ ውፅኢታነቱ ርግፀኛ ኣይኮኑን፡፡ ብፍላይ ብዙሓት ሰባት ኣብ ቅፅዓት ንኽንኣምን ዝገብር ኣሉታዊ ቅፅዓት ካብ ጥፍኣት ንግዘኡ ክዐግሰና ስለእንርኢ እዩ፡፡ ሓደ ግዘ ኣይተግበር ዝተብሃለ ነገር ኣብ ምግባር ዝርከብ ህፃን ብፅፍዒት፣ ብካልሾ ወይ ብኻሊእ ኣካል ጉድኣት ወይ ብምፍርራሕ እንተቐፃዕናዮ እቲ ህፃን ደንጊፁ ወይ ፈሪሑ ንቲ ጥፋት ስለዝገድፎ ዝሪኡ እዩ፡፡ ንዚ ዝረኣየ ወይ ንዚ እናረአና ዝዓበና ወለዲ ቅፅዓት ዝመሰለ ፍቱን መንገዲ መትሓዚ ስነስርዓት ዘሎ ኣይመስልን፡፡

## 3. ወለዲ/መዕበይቲ ወይ መምህራን ትዕግስቲ ምስኣን

***መመያየጢ፡- ምንኣስ ትግስቲ ወለዲ/መዕበይቲ ወይ መምህራን***

*መንገዲ መትሓዚ እወንታዊ ስነስርዓት ንምጥቃም ምስቶም ህፃናት ሓቢሮ ምሕላፍ ብዙሕ ትዕግስቲ ይሓትት። ብተሳትፎ ህፃናት ብዛዕባ ምስትምሃር ስነስርዓት፤ ሓደሓደ ህፃናት እንተጥፍኡ ርኢኻ ከምዘረኣኻ ምሕላፍ ፤ ዘይተቐረፀ ክትትል ምግባር፤ ኣጥፊኦም እንትርከቡ ብዛዕባ እቲ ጥፍኣት ብትዕግስቲ ምዝታይ ወዘተ… ህልካ ዘወድእ ክኾን ይኽእል እዩ። ብኣንፃሩ ቅፅዓት(ኣሉታዊ ዝኸውን ስነስርዓት መትሓዚ መንገዲ) ግዘ ኣይውድእን።ኣብ ዝርርብ እቲ ህፃን ካብ ግዘ ምብላዕ ሓሊፉ ዘጥፈአ ህፃን ብዕፍዒት ካብ ምግራፍ ወይ ብመስመሪ ኣሕሚሞም ብምውቃዕ ስቅ ክብል ከም ቀሊል መማራዒ ገይርና ምውሳድ ይግባእ። እንታይዳኢ ንዚ ቀሊል መማራዒ ገይርና ዝወሰድናዮ ስጉምቲ ዘላቂ ምርባሽ መንፈስን ፀገም ባህርይ ምፍጣሩ ኣይቐርን።*

***መመያየጢ***

እቲ ሰሌዳ ናብ ታሕቲ ብዝተሰመረ መስመር ናብ ክልተ ይምቀልዎ።ብምቅፃል ብየማን ጎኒ ብዘሎ ፍርቂ ኣብ ላዕለዋይ ጠርዝ “እወንታዊ መትሓዚ ስነ ስርዓት ከምኡውን ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ላዕለዋይ ጫፍ ድማ ብፀጋማይ ጎኒ ብዘሎ ፍርቂ ኣብ ላዕላዋይ ጠርዝ ቅፅዓት ”ብማለት ፀሓፉ። ተሳተፍቲ ኣብዞም ፍልልያት ክዛተዩ ብምግባር ካብ ታሕቲ ዝተቐመጠ መጠቃለሊ ሰደቓ የንብቡሎም።

### 2.7.ብማሕበረሰብ፣ ወለድን መምህራን ተቐባልነት ዘይብሎምን ብልሙድ ቅፅዓትን ዘስዕቡ ባህርያት ህፃናት

1. ***ሓደ ነገር ንምስራሕ / ንምርካብ ግዘ ዘይህብ ሕቶ ምቅራብ፤***

***መመያየጢ፡-***ህፃናት ኣብ ክልተን ሰለስተን ዓመቶም ብዛዕባ ሓደ ነገር ደጊሞም እንተሓቱ ዝተለመደን ጥዑይን ተገይሩ ይውሰድ፡፡ ኣርባዕተ/ሓሙሽተ ዓመትን ኣብ ላዕሊ ዝኾኑ ህፃናት ግና ከምዚ ዓይነት ሕቶ ምሕታት ኩሉ ግዘ ዘቀራርብ ከም ፀገም ባሕርይ ተገይሩ ይረአ እምበር ከም ጥዑይ ባህርይ ክውሰድ ኣይኽእልን፡፡

2. ***ምዕግርጋር፣ምውቓዕ፣ ምዕናው***

**መመያየጢ፡-**ህናት ብካልኦት ካባኦም ብዝነኣሱን ድኽም ብዝብሉን ህፃናት ምንእኣስን ባህርይ ልዕዓል ባእሲ ብምርኣይ ንኀንፂን ንትርኽን ዝዕድሙ፤ ባዕላቶም ኮነ ካልኦት ወይ ንብረት ገዛ እንተዕንዉ ወይ እንተባላሸዉ፡፡

3. ***ዘይምድማፅን ጠመተ/ኣቕልቦ ዘይምሃብን፤***

**መመያየጢ፡-**ህፃናት ኣብ ሓደ ነገር ንነዊሕ ሰዓት ጠመተ ሂብካ ምክትታል ኣይኽእሉን፡፡ ብሓደ ግዘ ኩሎም ንምርኣይ ስለዝደልዩ ኣብ ከባቢኦም ዝኾነ ነገር ጠመተ ንምሃብ ይፅገሙ እዮም። እዚ ኩነታት ንኣናእሽቶይ ህፃናት ዝተለመደን ጥዑይን ተግባር እዩ፡፡

4. ***ምትላልን ምስራቕን፤***

**መመያጢ፡-**ናይ ባዕልኻ ዘይኮነ ኣቕሓ/ንብረት ብምጭብርባር ወይ ሓቢእኻ ምውሳድ፤

5. ***ንኻልኦት ዘይምኽባር***

**መመያየጢ** ዝኾነ ባህል ንካልኦት ክብሪ ዝገልፅሉ ናይ ባዕሉ ዝኾነ መንገዲ ኣለዎ፡ ንኣብነት ኣብ ሃገርና ካብ ዘለዉ ባህልታት እቲ ሓደ ንምሕብር፣ ኣባፅሕ እንተውግዑ ህፃናት ኣቋሪፆም ከውግዑ የብሎምን፡፡ ምኽንያቱውን ናይቶም ኣባፅሕ ክብሪ ዘይምሃብ ተገይሩ ስለዝቑፀር እዩ፤

6. ***ምንቕቓሕ ዘይምኽኣልን ድሌት ምስኣንን፤***

**መመያየጢ፡-**ሓደ ህፃን ምስራሕ/ምፍፃም/ ዝግበኦ ስራሕቲ ንምፍፃም/ ንምስራሕ/ ምትስሳንእን ባህርይ ድሌት ምንኣስን እንተርእዩ፤ንኣብነት፣ናብ ቤት ትምህርቲ ንምኻድ ዘይምድላይ፣

7. ***ሓላፍነትካ ዘይምውፃእ፤***

***መመያየጢ፡-***ኣብ ኣፀደ ህፃናት ዕድመ ደረጃ ካብ ዘለዉ ህፃናት ጀሚሩ ህፃናት ክከምዕብየት ደረጃኦም ተሳትፎ ውሽጢ ገዛ ምግባር ‹ኣነውን ኣብ ውሽጢ ገዛ ግደ ኣለኒ› ኢሎም ክሓስቡ ትፅቢት ይግበረሎም፥ እዙይ ከይገበሩ እንትቀርዩ ግና ግቡእ ዘይኮነ ባህርይ እናርኣዩ ምኺኖም ይገልፅ፡፡

8. ***ሓላፍነት ወለዲን መምህራንን ምንዓቕ ምፍትታን (ዘይምምእዛዝ፤ ዝተብሃልዎ ዘይምፍፃም ዝንበለ)***

***መመያየጢ፡-***ኣብ ክልተን ሰለስተን ዕድመ ዘለዉ ህፃናት ሓላፍነት ወለዶምን መምህራኖምን ባህርይ ምፍትታን እንተርእዩ ትፅቢት ዝግበር ከይዲ ዕብየት ኮይኑ ዝውሰድ እንትኸውን ካብ ዕድመኦም ንለዕሊ ዝኾኑ ህፃናት ተመሳሳሊ ባሕሪ እንተርእዩ ግና ስርዓት ምስኣን ተገይሩ ይውሰድ፡፡

9. **ምጥቃም ሓይለ ቃል/ዓው ኢልካ ብንደት ምዝራብ፤**

***መመያየጢ፡-*** ዝበዝሕ ግዘ ህፃናት ንዚ ዝምሃሩ ካብ ኣባፅሕ እዩ፡፡ካብ ኣባፅሕ ቀዲሖም ኣምሲሎም እንትትግብሩ፥ እቶም ህፃናት ካብ ምቅፃዕ እዚ ዓይነት ባህርይ ካበይ ከምዘምፅእዎ ምርዳእ የድሊ፡፡

***10.ብዘይ ምንም እኹል ምኽንያት ብተደጋጋሚ ዕዮ ገዛ ዘይምስራሕ፤***

**ኣብ ፈተና ትሑት ውፅኢት ምምፃእ**

***11. ምብኳር ትምህርቲ*** ፣ **ናብ ቤት ትምህርቲ ክትኸይድ ዘይምደላይ**

***መመያየጢ፡-***ወለዲ ከይፈለጡን ከይፈቐዱን ብዘይ ጭቡጥ ምኽንያት ካብ ቤት ትምህርቲ ልምዲ ምብኳር እናወሰኸ ምምፃእ

*መመያየጢ፡-*

ህፃናት ኣብ ዝሰርሕሉ ኩሉ ስረሕ ኣባፅሕ ይቀድሑ እዮም፡፡ ስለዚ ህፃን ብዝተወሰነ ደረጃ ዘይተገደበ ባህርይ ዘርኢ እንተኾይኑ ናይ ወለዲ ወይ ካልእ ውልቀሰብ መርኣያነትት ተኸቲሉ ምዃንን ዘይምዃንን ወለዲ ምግንዛብ ከምዘለዎ ተሳተፍቲ ክርደኦም ይግባእ፡፡

## 2.8. መጠቓለሊ ኣፈላላይ ስነ-ስርዓትን ቅፅዓትን ንወለዲ/መፅበይቲ

| መትሓዚ እወንታዊ ስነስርዓት | ቅፅዓት |
|---|---|
| ግቡእ ዝኾነ ባህርይ ምስትምሃርን ምስልጣን ማለት እዩ፡፡ | ዘይድለ ባህርይ ንምግዳፍ ኮነ ኢልካ ስቓይ/ሕማም ክስመዖ ምግባር |
| ጠመተ ዝግበሮ ህፃናት ክሰርሕዎ ኣብ እንደልዮ እዩ፡፡ | ጠመተ ዝግበሮ ህፃናት ክሰርሕዎ ዘይንደልዮ እዩ |
| ስምዒት ሓላፍነት ካብ ባዕልኻ ክምንጪ ይገብር | ንህፃናት ኣብ ትሕቲ ካልእ ሰብ ቁፅፅር ክኾኑ ይገብሮም |
| ባህርይ ህፃናት ብቀፃልነት ክምሓየሽ ይገብር | ባህሪ ፃዕራምነቶምን ውፉይነቶምን የዳኽሞም |
| ህፃናት ወናኒ ዘላቂ ክህሎት ክኾኑ ይገብሮም | ግቡእ ዘይኾነ ባህርይ ዝኽልክል ንግዝኡ እዩ |
| ኣብ መንጎ ኣባፅሕን ህፃናትን ዘሎ ርክብ የጠናኽር | ኣብ መንጎ ህፃናትን ኣባፅሕን ዘሎ ርክብ ክቋረፅን ምርሕሓቕ ስምዒት/ ክፍተት ክህልዎ መበገሲ ይኸውን፡፡ |
| ዝተፈላለዩ ባሕርታት ናይ ሰብ ተፈጥሮኣዊ መልክዑ ምዃኖም ተቐቢልካ ምሕላው ብቕዓት ስምዒት ባዕልኻ ምቁፅፃርን የምህር | ህፃናት ዘሸቁርር፤ስምዒቶም ኣብ ካልኦት ብንደት ክገልፁ ይገብሮም |
| ኣብ ቤት ትምህርቲ ህፃናት ዕውታት ንኽኾኑ ክእለታት የምህር | ቤት ትምህርቲ ንህፃናት ምቹ ቦታ ከምዘይኮነ ገይሮም ክሓስቡ ይገብሮም |
| ኣብ ጉዕዞኦም ህይወት ህፃናት ከመይ ዕወታት ክኾኑ ከምዝኽእሉ ብዝምልከት ክሓስቡ ይገብር(መንገዲ የርእዮም). | ውድቀትና ዕውትነትን ዘይምዃን ክሓስቡ ይገብር |
| ህፃናት ካብ ውድቀቶም ዝመሃሩ፣ ኣብ ኣድላይነት ዝሰርሕዎ ስራሕ ዝተኣማመኑ ፣ ንኻልኦት ንምሕጋዝ ግድን ዝብሎም ክኾኑ ይገብሮም፤ ከምኡውን ዓይነት ባህርይ ዘለዎም ህፃናት እዚ ስምዒቶም ካልኦት ክካፋፈሉ ይገብሩ | ህፃናት ንባዕሎም ክጠራጠሩ፤ ሕፍረት ክስመዖም ክሓፍሩ መበገሲ ይኾኑ። ከምዚ ዓይነት ስምዒቶም ኣብ ውሽጦም ዓቒሮም ከይሕዙ ይገብሮም። |
| ምትሕብባር ህፃናት ዝዓቢ ስምዒት ሓላፍነትን ተደላይነትን ክህልዎም ይገብሮም | ዓቕሚ ምትሕብባር ህፃናት ዘይህብዎ ከም ቂጣዐንን<br>ቂምን ዘለዎም ሕማቕ ባህርታት ኣብ ውሽጦም ሒዞም ንኽዓብዩ ምኽንያት ይኸውን |
| ህፃናት ካብ ኣባፅሕ ዝረኣይዎ ፅቡቕ ነገር መሰረት ባዕሎም ንምህናፅ ክተሳሰኡ ይገብሮም | ህፃናት (ዝረኣይዎ) ኾይኖም ምርካብ ዘይኮነስ ናይ ምምሳል ድሌት ከማዕብሉ ይገብሮም |

## 3. ኣሉታውን እወንታውን ስነ-ስርዓት መትሓዚ መንገድታት

**እወንታውን ኣሉታውን** ስነ-ስርዓት መትሓዚ መንገድታት ተባሂሎም ይምደቡ፡፡

### 3.1. ኣሉታዊ ስነ-ስርዓት መትሓዚ መንገድታት

ኣሉታዊ ግቡእ/ መግለፂ መንገዲ መአረሚ ስነስርዓት ግድፈት ህፃናት ግቡእ ዘይኮነ ስነ ምግባር ከየርእዩ ወይ ደጋጊሞም ከይፍፅሙ ብዝብል ንቶም ህፃናት ኣብ ኣካል ወይ ኣብ ስምዒት ወይ ኣብ ሓደ ግዘ ብክልተ ዓይነት ሜላታት ምጉዳእ እዩ፡፡

> **መመያየጢ**
>
> እዚ ሜላ ኣካላዊ፣ ስሜታዊ ወይ ክልቲኡ ዓይነት ጉድኣት ዘብፅሕ እዩ። ይኹን እምበር ህፃናት ድሕሪ ቅፅዓት ዝድለ ለውጢ ንምምፃኦም መረጋገፂ ኣይወሃበን። ህፃናት ጥፍኣት ዘጥፍኡ ዝበፅሖም ቅፅዓት ብምፍራሕ እምበይ ኣብ ድሌትን ምእዙዛት ንዘይምኺኖም ኣይኮነን።ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት መአረሚ ኣሉታዊ ግድፈት ሲዒቡ ህፃናት ጡዑይ ዘይኮኑ ባህርታት ንኽማዕብሉ ዕድል ዝህብ እዩ።

ዝስዕቡ ኣሉታዊ ግድፈት ስነስርዓት መአረሚ መንገድታት ኣብ ኢትዮጵያ ብሰፊሑ ይረአዩ እዮም፡፡

**ኣብነታት ኣብ ኣእምሮ ጉድኣት ዘበፅሑ መአረሚ/መሀነፂ መንገድታት፡-**

- ምፅራፍ ህፃናት ወይ ብሕማቐ ሳጓ ምፅዋዕ
- ንህፃናት ዘይጠቕሙ ወይ ካብ ካልኦት ህፃናት ዝንእሱ ከምዝኾኑ ምንቃፍ
- ህፃናት እንተዛርቡ መልሲ ዘይምሃብ ወይ ዝሕተት ነገር ንነዊሕ ግዘ ዕሽሽ ምባል
- ህፃናት ንነዊሕ ግዘ ኣብ ውሽጢ ዘፍርሕ ሁኔታ ጥራሕ ምግዳፍ(ንኣብነት፡-ኣብ ፀልማት ክፍሊ ፣ምሸት ካብ ገዛ ምብራር)

## ኣብነታት ኣካላውን ኣእምሮውን ጉድኣት ዘብፅሑ ኣሉታዊ መአረሚ/መህነፂ መንገድታት፡-

- ህፃናት ዝተፈላለዩ ጉድኣት አካል ምብፃሕ (መቐመጫ ህፃናት ብኢድ ምውቃዕ፣ ፅፍዒት ፣ምቁንጫው ፣ኩርኩሚትን ብሓለንጊ ምግራፍ)
- ኣብ ኩርኟሕ ቦታ ብምንብርካኽ ምስቓይ
- ዝተፈለየ ንኣካል ዘድክም ምንቅስቃስ ብምስራሕ ምድካም
- ምግብ ብምኽልካል ብጥምየት ክጉድኡ ምግባር

እወንታዊ ዘይኮኑ ሜላታት ንግዘኡ ውፅኢት ዘምፅእ እኳ እንተመሰሉ ኣብ ቀፃሊ ግና ብዙሕ ጉድኣታት ዘስዕቡ እዮም፡፡እዚ ሜላታት ቅፅዓት ንቶም ህፃናት ክገድፍዎ ዝድለ ስራሕቲ ንዝተወሰነ ግዘ ክገድፍዎም ይገብሮም እምበይ ድሓር ተመሊሶም ነቲ ይሰርሕዎ እዮም፡፡

**መመያየጢ**

ብጎዳእነቶም (ብቐፃዒነቶም) ዝፍርሕዎም ሰባት ኣብ ከባቢ ክሳብ ዘሃለዉ ጥራሕ ንቶም ህፃናት ግቡእ ዘይኮኑ ተግባራት ካብ ምፍፃም ይዕቀቡ እዮም፡፡ ዝፈርሕዎ ጎዳኢ (ቀፃዒ) ሰብ ካብቲ ከባቢ ዘወር እንተብል ግና ኣድላዪ ባህርይ የፍፅምዎ እዮም፡፡

ህፃናት ኣካልን ኣእምሮን ጉድኣት ብዝኾኑ ቅፅዓታት ስነስርዓት ምትሓዝ ብቀፃሊ ኣብ ውልቀ ሰብን ማ/ሰብን ፀገም ዝፈጥሩ ምኳኑ ብተፈላለዩ ከባቢታት ተራኢዩበእዩ፡፡

**መመያየጢ**

- ብኣሉታዊ ሜላ መአረሚ ዝዓበዩ ሰባት ሓፊሮምን ዓርሰ እምነት ዘይብሎምን ኾይኖም ይረኣዩ፡፡ ብኻሊእ መልክዑ በዚ ዓይነት ሜላ ቅፅዓት ዝዓበዩ ሰባት ምስ ካልኦት ኣብ ዘይረዳድእሉ እዋን ሓይሊ ከም መፍትሒ ንምትግባር ዝሃፅሉ ኮይኖም ይረኣዩ፡፡
- ህፃናት ብመበገስነት ሕማቕ ባህርይ ካብ ዝፅወዑ ፀገማት ማእከል መትሓዚ ኣሉታዊ ስነስርዓት ህፃናት መንገዲ ሓደ እዩ፡፡

## 3.2. እወንታዊ ስነ-ስርዓት መትሓዚመንገድታት

እወንታዊ ዝኾነ ሜላ መትሓዚ ስነስርዓት ገና ካብ ብንኣሽቱ ህፃናት ስነስርዓት ዝመሃሩ ብፍቅርን ዘተን ዘጠቓለለ ምኻኑ፡፡

ሜላታት መትሓዚ እወንታዊ ስነስርዓት ህፃናት ባዕሎም ንዕሎም ክተኣራረሙ ዝሕግዙ ሜላታት እንትኾኑ ኣሉታዊ ሜላታት መትሓዚ ስነስርዓት ግና ብድሌት ንባዕልኻ ንምእራም ወይ ኣድላዪ ስነ ምግባር ብድሌት ኣብ ውሽጢ ምዕባይ ንዘለዉ ህፃናት ንምህናፅ ኣይጠቕሙ፡፡ ስለዚ ወለዲ ወይ መዕበይቲ ህፃናት ንምእራም ውፅኢዊ መአረሚ መንገድታት ፈልዮም ምፍላጥን ምጥቃምን ትፅቢት ይግበረሎም፡፡

መትሓዚ መንገድታት እወንታዊ ስነስርዓት ዕላማ ኣለዎም፡፡ እቲ ዕላማውን ህፃናት ብአካላውን ወይ ብአእምሮውን ቅፅዓትን ጉድኣትን ከይበፅሖም ኣድላይነት ስነስርዓት ክግንዘቡ ስነስርዓት ከኽብሩ ምግባር እዩ፡፡

> **መመያየጢ**
>
> መትሓዚ መንገድታት እወንታዊ ስነ ስርዓት ዝጥቀሙ ወለዲ ወይ መዕበይቲ እንታይ እንታይ ሜላ ከምዝጠቅሙ ተሳተፍቲ ይሕተትዎምን መልሶም ኣብ ሰሌዳ ፀሓፍዎ፡፡ ካብኡ ተሳተፍቲ ዝሃብዎ መልሲ ኣብ ታሕቲ ብዝተገለፀ ምስ መብርሂ እናገናዘቡ የረድእዎም፡፡

## መትሓዚ መንገድታት እወንታዊ ስነስርዓት ዝጥቀሙ ወለዲ ወይ መዕበይቲ ስዒቦም ዝቐረቡ ተግባራት ይፍፅሙ ይግባእ፡-

- ምስቶም ህፃናት ብዛዕባ ስነስርዓትን እንታይነት ስነስርዓት ዘይምኽባር ዘስዕቦ ጉድኣት ይመያየጡ፡፡
- ንኣባላት ስድራ (ህፃናትሓዊሱ) የኽብሩ ፤የፍቅሩ፡፡
- ውዕሎን ሓዳርን ህፃናት ብቅርበት ይከታተሉ፡፡ እቶም ህፃናት ኣበይ ከምዝወዓሉ፤ ምስ መንን እንታይን እናገበሩ ከምዝወዓሉ፤ እንታይ ፅቡቕ ነገርን እንታይ ፀገም ገጢሙዎም ከምዝወዓለን ይከታተሉ፡፡

- ምስ ህፃናት ርክብ ዘለዎም ካልኦት ባህርይ ህፃናትን ኣባፅሕን ብደንቢ ይፈልጡ እዮም፡፡ እዚ ብምግባርውን ብባህርኦም ፀገም ዘለዎም ካልኦት ህፃናትን ኣባፅሕን ባህርይ ህፃናት ብዘይድለ መንገዲ ከይመርሑ ስጉምቲ ምክልኻል ይወስዱ፡፡
- ወለዲ ባዕሎም ስነስርዓት ብምኽባር ንህፃናት ንዚ ባህርይ ብመርኣያ የምህሩ፡፡ እዚ እንትኸውን ህፃናት ካብ ወለዲ ብዝሰምዕዎ ጥራሕ እንተይኮነስ ዝበለፀ መምሃሪ ብዝኾነ መርኣያ ወለዲ/ባህርይ ባዕሎም ይምሃሩ፡፡
- ስነስርዓት ኣብ ዘየኽብር ኣባል ስድራ እንታይ ስጉምቲ ምውሳድ ከምዘለዎ ምስ ህፃናት ይዛተዩ፡፡ በዚ መንገዲ ወለዲ ንቶም ህፃናት ሕጊ ብምውፃእ መዕገቲ ብምቕማጥ ኣብ ከይዲ እናሳተፉ ክብሪ ክስመየም ይገብሩ፡፡ እዚ እወንታዊ ስነስርዓት ግድፈት ሜላ መአረሚ ህፃናት ብጥፍኣቶም ዝውሰዶም ስጉምቲ ኣቀዲሞም ክፈልጥዎን ካብ ጥፍኣቶም ክእረሙን ፣ ኣድላዪ ኾይኑ እንትርከብ ድማ ዝወስዶም ስጉምቲ ብፀጋ ክቅበሉ ከምኡውን ንዝተፈፀመ ጥፍኣት ብዝወሃቦ ውሳነ ብፍልጠትን ብሓላፊነትን ተሳተፍቲ ክኾኑ ይገብር፡፡
- ኣብ እወንታዊ ስነስርዓት መአረሚ መንገዲ ግድፈት ወለዲ ናይ ህፃናት ደቆም ምርጫ የክብሩ፡፡ ነገር ግና ህፃናት ግቡእ ስነምግባር ክላበሱ መምርሒ ይህቡ፣ ብዘይምቁራፅ ክትትል ይገብሩ፡፡

☞ **እወንታዊ ስነስርአዓት መአረሚ መንገዲ ግድፈት ውፅኢታዊ ዝኸውን ንቶም ህፃናት ብ ፍቕሪ ወለዶም ስለዝህብዎምን ብዘይምቁራፅ ግቡእ አመራርሓን ክትትልን ስለዝግበረሎም እዩ፡፡**

**መመያየጢ**

ዝስዕቡ ሕቶታት ንምምላስ ወለዲ ኣብ ዙርያ ዝስዕቡ ክለተ ነጥብታትንደቒቓታት ብትዕግስቲ ክሓስቡ የበራትትዑ፡-

- ውላዶም ስርዓት ንምትሓዝ ዝገብሮዎም ነገራት እስቲ ሕሰብዎም፡፡
- ኣብ ዘበን ህፃንነትኩም ስደራኩምን ጎረባብትን ንስኻትኩም ስርዓት ንምትሓዝ ይጥቀሙሎም ዝነበሩ መንገድታተ እንታይ እንታይ ነይሮም?

ኩሎም ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረቡ ሕቶታት ርኢቶታት ክህቡ ምብርትታዕ፡፡ ከምኡውን ንመጀመርታ ክለተ ሕቶታተ ዝህብዎም መልስታት ኣብ ዝተዳለወ ወረቀት ከከምድቦም የቐምጡ፡፡

**መመያየጢ**

ዝስዕቡ ፅቡቕ መግለፂታት ወለዲ ( ውላዱ ስነስርዓት ክህልዎ ዝፅዕር ወላዲ) ክትግበር ዝግበኦም ነጥብታት ይሕብሩ

1. “ምስ ወላደይ ዘለኒ ርክብ ፅቡቕ ድዩ?” ኢሉ ባዕሉ የጠቓልል፡፡ ምስቶም ውላዱ ህፃናት ፅቡቕ ርክብ ዘለዎ ወላዲ በብመዓልቲ ምስቶም ህፃናት ዘሕልፍ ግዘ ይህልዎም፡፡ ኣብዞም ግዘታት ወላዲ ምስቶም ህፃናት ከከምዕድመኦም ሓቢሩ ብምውፃእ ወይ ብምምይያጥ ወይ ንእቶም ህፃናት ብዘሐጉስ ተግባር ብሓባር ግዘኡ የሕልፍ፡፡
2. “ብባህረይ ንውላደይ ፅቡቕ መርኣያ ድዩ?” ብማለት ባዕሉ ይሓታት
3. ንቶም ህፃናት ስነስርዓት ንምትሓዝ ብምቕፅዓት ዘይኾነ ብምስትምሃርን ቀፃልነት ብዘለዎ ክትትል ምግባር ኣድላይነቱ የኣምን፡፡

## 3.3. ተግባራዊ ልምምድ

**መመያየጢ**

ተሳተፍቲ ቀጺሉ ዝቐርብ ዛንታ ብምድማፅ ካብ ውሽጢ ዝቐረቡ እወንታዊ ብመማራዊነት ዝኾነ ክመርፁ ይግበሩ። ዝህብዎም መልስታት ምስ ምኽንያት ምቅራብ ይግበኦም

**ቀዳማይ ዛንታ ጓል ሸውዓተ ዓመት ኣስቴር ምሳሓ ተሃዊኻ በሊዓ ንፀወታ ኀይያ ወፂአ፡፡ኣዶ ኣስቴር ናብ ገዛ እንትትኣቱ ምግቢ ፍረምረ በብቦታኡ ተሓናፊያም ረእየት፡፡ኣዶ ኣስቴር ከምዚ ዝበለ ነገር ፈፂማ ኣይትፈቱን፡፡ቅድሚ ኩሉ ኣስቴር ዝተመገበትሉ ኣቕሓ ምልዓል፣ምፅራይ ዝተበልዐትሉ ጠረጴዛን ዝወደቑ ምግቢ ፍረምረን ምፅራግ ከመዘለዋ ብፅኑዕ ነጊራታ ነይራ፡፡**

ኣዶ አስቴር ካብ ዝስዕቡ ኣየናይ አማራፂ እንትተጠቐት እወንታዊ ይኸውን ነይሩ?

ሀ. “ንስኺ ኩሉ ግዘ ዝርክርክ እኺ፡፡ ምግብ ምስበላዐኺ ጠረጴዛ እንኳ ንምፅራይ ሓሳብ የብልኽን፡፡ ንእሽቶይ ሓውኺ እኮ ካባኪ የሓይሽ፡፡” ብማለት አስቴር ብንደት ምዝራብ፡፡

ለ. “አስቴር ንኺ ሓሳብ የብልኽን፡፡ ካብ ሎሚ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ጠረጴዛ ኣይትበልዕን፡፡” ማለት፡፡

ሐ. ኢ.ድ አስቴር ሒዛ እናቐነጨወት “ምግብ ምስ በላዕኺ ነቲ ጠረጴዛ ኣፅርይዮዶ ኣይነበርኩን? ኣይትደግምዶ? ንምንታይ ስነስርዓት ዘይትሕዚ?”ማለት፡፡

መ. “አስቴር እስቲ ንዒ ነቲ ጠረጴዛን ምንድርቤትን ተመልከቲ፡፡ ብኣኺ ተረፍ ምግቢ ከመይ ከም ዝተበላሸወ ተመልከቲ፡፡ ብዝሓለፈ ከም ዝተዘራረብናዮ ንቲ ጠረጴዛን ምንድርቤትን ክተፅርይዮ እደሊ፡፡”ብማለት ምዝራብ፡፡

**ካልኣይ ዛንታ**

ኣብርሃ ህፃን ሸዱሸተ ዓመት እዩ፡፡ ሓደ መዓልቲ ኣቦኡ ንኣብርሃ ውለዶም ኣብ በሪ ንመንገደኛ እናተፃረፉ ሰምዕዎ፡፡ ኣቦ ኣብርሃ ብውላዳም ፅያፍ ኣዘራርባ ብጣዕሚ ሓዘኑ፡፡ኣብርሃ ብተደጋጋሚ ከምዚ ዝበለ ብዕልግና ከይፃረፍ ተመኺሩ ነይሩ፡፡ ኣብርሃ ቅድሚ ሀዚውን ኣብርሃ ንጎረበት ተፃሪፉ ሰምዕታ ቀሪብዎ ነይሩ፡፡ ኣብቲ እቲ እዋን ኣቦኡ ንኣብርሃ ብጣዕሚ ኣጠንቂቖምዎ ነበሩ፡፡ ካብኡ ንድሓር ከምዚ ዝበለ ፀርፊ እንተተፃሪፉ ከቢድ ቅፅዓት ከምዝቐፅዕዎ ነጊሮምዎ ነይሮም፡፡ ስለዚ ንኣብርሃ ኣቦኡ ፅያፍ ፀርፊ ጠጠው ከብል ብዘይምኽኣሉ ፀወታ ኣብ ዝፍቀደ እዋን ኽልከልዎ ጠሰንሉ፡፡

ኣቦ ኣብርሃ ካብ ዮም ዝስዕቡ ስጉምትታት እንተዝትግበሩ እዩ መትሓዚ እወንታዊ ስነስርዓት ዝኾኖም?

ሀ. ኩሎም ኣባላት ስድራ ክሳብ ዝመሸ ሓሊዮም ምስተኣከቡ ንኣብርሃ ምግራፍ

ለ. ኣብ ገዛኦም ቅድሚት ኣብ ዘሎ ኮረኮንች መንገዲ ኣብርሃ ን30 ደቓቒ ምብርካኽ፡፡ ድሕሪ እዚ ዝደግም እንተኾይኑ ሰላሳ ግዘ ከም ዝገርፍዎ ምጥንቃቕ

ሐ. ንኣብርሃ ብምፅዋዕ ሀዚ ንዝፈፀሞ ነገርን እዚ ዓይነት ኣመል ብተደጋጋሚ ብምርኣዩ ኣቦኡ ብጣዕሚ ምሕዛኖም ምዝራብን፡፡ ጥፍኣቱ ብተደጋጋሚ ዝቐፀለ ብምኻኑ ባዕሉ ክስተኻኽል ስጉምቲ ከምዘድልዮ ምዝራብ፡ "ኣብርሃ ሀዚ እናተፀረፍካ ሰሚዐ ብጣዕሚ ሓዚነ ኣለኹ፡፡ ንኻልኣይ ግዘ ከምዚ ከይትገብር ብዝሓለፈ ንጎረባብቲ ድሕሪ ምፅራፍካ ተዘራሪብና ኢና፡፡ ስለዚ ፅባሕ ቀዳም ኣሕዋትካ ንፀወታ ኩዕሶ ናብ ኩዕሶ ሜዳ እንትኸዱ ንስኻ ምስኣቶም ከይድኻ ክንዲ ምፅዋት ኣብ ገዛ ክትፀንሕ ኢኻ፡፡ ስለዚ ኣብ ገዛ በይንኻ ኮይንኻ እትፃረፎም ሕማቓት ፀርፍታት ንሰባት ከምዝጎድኡን እዚ ሕማቕ ኣመል ንምስኽልኻ ብደንቢ ሕሰበሉ፡፡"

መ. ንኣዱ ኣብርሃ ምሳሑ ከይህባኦ ትእዛዝ ምትሕልላፍ፡፡

**ሳልሳይ ዛንታ**

ወዲ ሸውዓተ ዓመት ደስታ ብዘይተፈለጠ ምኽንያት ጉዳይ ብጣዕሚ ተናዲዱ ናብ ገዛኡ መፂኡ፡፡ ዓባይ ሓፍቲ ብተደጋጋሚ ንምርድዳእ እንተሞኮረት እኳ ብዘይምድላዩ ብምእምቢታ ካብ ገኣዙ ወፂኢ ናብ ጓሮ ከደ፡፡ ሀዚውን ሓፍቱ ሻሂ ሒዛትሉ ከይዳ ንምርድዳእ ሞኮረት፡፡ኮይኑ ግና ደስታ ንቲ ኩባያ ሻሂ ብንደት ተቐቢሉ ደርቢዩ ሰበሮ፡፡እዚ እንትኸውን ኣዶኡ ትሪኦ ነበረት፡፡ዓባይ ሓፍቱ ብጣዕሚ ደንጊፃ "ኣደይ እንታይ ክትብሎ ትኸውን?" በለት፡፡

**ሳልሳይ ዛንታ**

**የሰባት አመቱ ኮሬ ምክንያቱ ባልታወቀ ጉዳይ በጣም ተናዶ ወደ ቤቱ መጣ። ታላቅ እህቱ በተደጋጋሚ  ለማባበል ብትሞክርም ባለመፈለግ በእምቢታ ከቤት ወጥቶ ወደ ጓሮ ሄደ። አሁንም እህቱ ሻይ ይዛለት ሄዳ ለማባበል ሞከረች። ሆኖም ግን ኮሬ የሻይ ብርጭቆውን በንዴት ተቀብሎ ወርውሮ ከሰከሰው። ይህ ሲሆን እናቱ ትመለከት ነበር። ታላቅ እህቱ በጣም ደንግጣ "እማማ ምን ትለው ይሆን?" አለች።**

**ኣዶ ደስታ፣ ደስታ ብዘርኣዮ ባህሪ ቅር በላ፡፡ደስታ ስነስርዓት ክትሓዝ ኣለዎ ኢላሎም ንስጉምቲ ተዳለዉ፡፡ ባዕሎም ኣብ ደስታ እወንታዊ መአረሚ ስጉምቲ ወሲዶም እንብሎም ካብ ዝስዕቡ ኣየናይ እንተጠቐሙ እዩ?**

**ሀ. ደስታ  ካብ ንደቱ ክሳብ ዝረጋጋእ ሓሊዮም ንምታይ  ከምተናደደ ምሕታት፤ዝገበሮ ነገር ትኽክለኛ ምዃኑን ዘይምዃኑን ምዝታይ፣ ከምኡውን ንዝገበሮ ነገር እንታይ ስጉምቲ ምውሳድ ከምዘለዎን ከምዘይብሉን ብሓባር ምዝራብ፡፡**

**ለ. "ንስኻ መፀገምን ጥፍኣተኛ ህፃን ኢኻ፤ንሕና ኣይንደልየካን!" ኢሎም ምዝራብ፡፡**

**መ. "ንዓባይ ሓፍትኻንምንታይ  ከመይ ከምዚ ትገብር! ብዛዕባ ኣቕሑ ምንም ኣይስመዐኻን፡፡ብኽንደይ መንከራ ብዝረኸብናዮ ገንዘብ ከምንገዝኦ ትፈልጥዶ? ፅናሕ ኣቦኻ ክመፅአልካ እዩ፡፡ኣርባዓ ሓለንጊ ክገርፈካ እዩ!"**

**ሠ. ካብዚ ንደሓር ንሓደ ሰሙን ሻሂ ዝበሃል ነገር ኣብ ገዛ ኣይወሃበካን፡፡"**

**ተሳተፍቲ ኣብዝቀረቡ ሕቶታት ርኢቶ ክወሃቦ ይግባእ፡፡ ከምኡውን ብዛዕባ እወንታውን ኣሉታውን  ስነስርዓት መተግበሪ  መንገድታት ኣብ መዘክር መሳለጥቲ ዝተሓበሩ ሓሳባት ብምምርኳዝ ምፍላጥ ግቡእ እዩ፡፡ ኣብ ላዕሊ ብዝተዘረዘሩ መተግበሪ መንገድታት ስነስርዓት ውሽጢ ኣሉታዊ እዮም ዝተብሃሉ ብምንታይ ምኽንያት ከምዝኾነ ምብራህ የድሊ፡፡**

**መመያየጢ**

ንቀዳማይ ዛንታ እወንታዊ ሜላ፡

ሰ. "አስቴር እስቲ ንዒ ነቲ ጠረጴዛን ምንድርቤትን ረአይዮ፡፡ብኣኺ ተረፍ ምግቢ ከመይ ከምዝተበላሸዉ ረአይዮ፡፡ብዝሓለፈ ከምዝተዘራረብናዮ ጠረጴዛን ምንድርቤትን ክተፅርዩዮ እደሊ እዬ፡፡" ኢልካ ምንጋር፡፡

**መመያየጢ፡**

**ንኻልኣይ ዛንታ እወንታዊ ሜላ፡**

መ. ኣብርሃ ብምፅዋዕ ሀዚ ንዝገበርካዮ ነገር ከምዚ ዓይነት ኣመል/ጠባይ ብተደጋጋሚ ብምርኣዩ ኣቦኡ ብጣዕሚ ምሕዛኑ ምዝራቡ። ብምቕፃል ጥፍኣቱ ተደጋጋሚ ብምዃኑ ባዕሉ ክስተኻኽል ስጉምቲ ከምዘድሊ ምንጋር፡ "ኣብርሃ ሀዚ ንጎረበት ሰብ እናተፃረፍካ ሰሚዐ ሓዚነ። ካልኣይ ከምዙይ ከይትገብር ብዝሓለፈ ናይ ጎረበትና ሰብኣይ ድሕሪ ምፅራፍካ ተዘራሪብና ኢና። ስለዚህ ፅባሕ ቀዳም ኣሕዋትካ ንፀወታ ኩዕሱ ናብ ሜዳ እንትኸዱ ንስኻ ምሳኦም ክትከድ ከድኻ ክንዲ ምፅዋት ኣብ ገዛ ክትፀንሕ ኢኻ። ስለዚ ኣብ ገዛ በይንኻ ኮይንኻ እትፃረፎም ሕማቓት ፀርፍታት ሰብ ከምዝጎድኡን እዚ ሕማቅ ኣመል ንምስትክኻል ብደንቢ ሕሰበሉ።"

**ንሳልሳይ ዛንታ እወንታዊ ሜላ፡**

ሀ. ደስታ ካብ ንደቱ ክሳብ ዝረጋጋእ ሓሊኻ ንምታይ ከምተናደደ ምሕታት፤ ዝገበሮ ነገር ትኽክለኛ ምዃኑን ዘይምዃኑን ምምይያጥ፣ከምኡውን ብዛዕባ ዝገበሮ ነገር እንታይ ስጉምቲ ምውሳድ ከምዘለዎ ብሓባር ምሕታት።

## መንገዲ ምስትምሃር እወንታዊ ስርዓት ዝስዕቡ ረብሓታት ኣለዉዎ

ኣብ መጀመርታ ህፃናት እወንታዊ ስርዓት ብስምዒት ዓርሰ ምትእምማን ንኽማዕሉ፣ ዕድመ ልክዕ ድሌት ምምሃር ፍቕሪ ክሓድሮም ከምዝገብር ምግንዛብ ኣድላዪ እዩ።

እዚውን፡-

ብመንገዲ እወንታዊ ስርዓት ምስትምሃር ህፃናት ሓደ ነገር ብሙሉእ ድሌትን ቁርፀኝነትን ክሰርሑ፣

ሀ) የተሳስእ፣

ለ/ የበራብር፣

ሐ/ ይድግፍ፣

መ/ ህፃናት ንትምህርቲ ዝህልዎም ፍቅሪ የማዕብል፣

ሠ/ ባዕልኻ ብፅበኞ ስነ-ስርዓት ንምህናፅ ይሕግዝ፣

ረ/ ብኞዓት ስምዒት ዓርሰ ምትእምማን የማዕብል።

### 4. ወለዲ ወይ መዕበይቲ ንህፃናት ብእወንታዊ መንገዲ ስነ-ስርዓት ከመይ ምስትምሃር ይኽእሉ?

ስነ-ምግባር ህፃናት ንምስትምሃር ብዙሓት እወንታዊ መንገድታት ኣለዉ፡፡ህፃናት ስነምግባር ንምስትምሃር ዕድመኦምን እእምሮዊ ዕብየቶምን ኣብ ግምት ምእታው ብጣዕሚ ወሳኒ እዩ፡፡ህፃናት ስነምግባሮም ዘስዕቡ ውፅኢት ንምሕጋዝ ብጣዕሚ ብስለት የድሊ፡፡ዝስዕቡ ሜላታት መስተምሃሪ ስነምግባር ንምሕባር ዝኣክል ቀሪቦም ኣለዉ፡፡

1. **ምኞያር ልዋጥ** ሓሳብ፡ ብሓደገኛ ወይ ጉድኣት ኣብ ዘብፅሑ ነገራት ዝፃወቱ ኣናእሽቶይ ህፃናት ወይ ዝፃለኡ ህፃናት ጠመቶኦም ክልውጡ ዝኽእል መፃወቲ ብምሃብ ወይ ካሊእ ነገር ብምርኣይ ዝጀመርዎ ነገር ምቁራፅ ይከኣል እዩ፡፡ ምስ ዕብይ ዝበሉ ህፃናት ድማ ብምዝታይ ምልዋጥ ሓሳብ ይከኣል እዩ፡፡

2. **ንጥፍኣት ሽለል ምባል /ከምዘይረአኻ ምሕላፍ፡-ንኣናእሽቶይ/ንደቀቕቲ ጥፍኣታት ጠመት ዘይምሃብ፡፡**

3. **ከባቢ ምችዊ ምግባር፡-** ካብ ህፃናት ከባቢ ዝተወሰኑ ነገራት ምርሓቕ እቶም ህፃናት ከይበፅሕዎ ምግባር፡፡ ስሩዕ ሰዓት ምግብን ድቃስን ምውሳን ንምችውነት ከባቢ ይሕግዝ፡፡ ኣብ ገዛ ውሽጢ ዝትግበሩ መምርሕታት ህፃናት እንታይ መኣዝን ከመይን ምግባር ከም ዘለዎም ክፈልጡ ምግባር ብጣዕሚ ጠቃሚ እዩ፡፡ ንኣብነት ፡- ኣብ ውሽጢ ገዛ ኩዕሶ ምፅዋት ዘይግቡእ ምዃኑ፣ ፀወታ እንትፃወቱ መፃወቲኦም ክእካብ ከም ዘለዎም፣ ቅድሚ ምግቢ ድሌት ምግቢ ዝቕንሱ ሙዑዛት ነገራት ምብላዕ ግቡእ ዘይምዃኑ ምፍላጥ የድሊ፡፡

4. **ንህፃናት ዘይኮነስ ነቲ ኩነታት ምቁፅፃር**

ህፃናት ካብዚ ናብዚ ዝኳየዩ፣መሰል ምድህሳስን ምትንኻፍን ክህልዎም  ይግባእ፡፡ ክእለት ምዕባለ ምድህሳስን ምንኽኻእን የቀላጥፍ፡፡ ህፃናት ከይጎዩ ፣ስቕ ኢሎም ክቕመጡ ፣ከይዘሉ ወይ ናብ ላዕሊ መንበርን ጠረጴዛን ከይወፅኡ ካብ ምኽልካል ዝበለፀ  ዝንቀሳቀሱሉ ቦታ ወይ ክፍሊ ምድላው ይግባእ፡፡ ንህፃናት መፃወቲ  ቀፅሪ ጥራሕ ወይ ምቹ ክፍሊ ካብ ካሊእ ሓለዋ ወለዲ ብነፃነት ዝንቀሳቀስሉ ኩነታት ፕሮግራም ምድላው ይግባእ (ንኣብነት ካብ ገዛ ወፃኢ መዛናግዒ ቦታት)፡፡

5. **ህፃናት ኣብ ምውፃእ መምርሕን ሕግን  ምስታፍ**

ህፃናት ንዕድመኦም ግቡእ ብዝኾነ ኣብ ገዛ ወይ ካብ ገዛ ወፃኢ ብዝስራሕ ተግባር ክሰተፉ ምግባር ግቡእ እዩ፡፡ ዕድመኦም ሰለስተ ዓመትን ካብኡ ንለዕልን ዝኾኖም ህፃናት በዚ ሓላፍነት ክጠቓለሉ ይግባእ፡፡ ህፃናት ሓላፍነት እንትወሃቦም ንባዕሎም ዕቡኽ ግምት ክህቡን ተደላይነት ስምዒት ክስመዖም ይሕግዝ፡፡

6. **ንህፃናት ግዘ ምሃብ**

በብመዓልቱ ንህፃናት ግዘ ሂብካ ዝተፈላለዩ ዛንታት ፣ምንባብ ዛንታተ ፣ፀወታ ጥዑይ ርክብ ንምምስራት ይሕግዝ፡፡ እዚ ኣጋጣሚ ብዙሓት ግድፈታት ንምእራምን እኹል ደገፍን ክትትልን ንምግባር ይሕግዝ፡፡

## 7. ህፃናት ብናይ ባዕሎም  መንገዲ ንክኽዱ ምፍቃድ

ሓደ ሓደ ግዘ ወለዲ ቁፅፅሮም ብምልሕላሕ ህፃናት ብናይ ባዕሎም መንገዲ ክኸዱ ክፈቕዱ ኣለዎም፡፡ብርግፅ ህፃናት ካብ መስመር ከይወፅኡ ምሕላው ኣድላዪ እንተኾነውን ካብ መጠን ዝሓለፈ  ክልከላ ግና ንቶም ህፃናት ብባዕሎም ዘይተኣማመኑን ጥዑያት ከይኾኑን ይገብሮም፡፡

## 8. ተመሳሰሊ /ሓበሬታ/ መረዳእታ

ህፃናት ኩሉ ግዘ ተመሳሰልን ባዕሎም ንባዕሎም  ዘየጓንፅ መልእኽቲ ክበፅሖም ይግባእ፡፡ንኣብነት፡-ኣብ ሓደ ኣባል ስድራ ብጣዕሚ ዝኸልክል ነገር ኣብ  ካልእ ኣባል ስድራ ድማ ዝተባባዕ እንትኾይኑ ኣብቲ ህፃን ልዑል ቅልውላው ዝፈጥር እዩ፡ ፡ ህፃናት ብተመሳሰሊ መንገዲ ኣብያተ ትምህርቲ ክዓብዩ መምህራን ዘተባብዑ ነገር ኣብ ውኸጢ ገዛ ወላዲ ዝኸልክል እንትኾይኑ ኣብ ኣእምሮ ህፃናት ዓብዪ ቅልውላው ዝፈጥር እዩ፡፡ ስለዚ መኣዝ ይኽውን ኣበይ ሓደ ነገር ብዝምልከትኣብ ህፃናት ዝበፅሕ ምልክት ተመሳሳሊ ክኸውን ዝምልከቶም  ወላዲ ብምዝርራብ ምርግጋፅ የድሊ፡፡ ብተመሳሰሊ መትሓዚ ስርዓት ወለዲ/መምህራን    ዝቀራረብ እንተዘይኮይኑ ህፃናት ንስነስርዓት ጠመተ ንምሃብ ይፅገሙ እዮም፡፡

## 9. ናይ ህፃናት ስርዓት መኸበራይነት ወላዲ ኣፍልጠ ክህቦ ይግባእ

ወለዲ መኸባራይነት ስርዓት ህፃናት ብምፍላይ ፍልጠት ምሃቦም (ነቲ ህፃን ብምብርትታዕ፣ ብምድማፅ፣ ብምሕቛፍ፣ ብምምስጋን፣)ንቶም ህፃናት ብዝሓዝዎ ስርዓት መኸበራይነት ክቅፅልሉ ይግዞም፡፡

## 10.ምቅማጥ ክልከላ/እገዳ ምንባር/

ኣብ ህፃናት ወይ ንብረት ዝበፅሑ ጉድኣታት ንምኽልካል ህፃናት ካብ ሓደ ከባቢ ክርሕቁ ወይ ዝተፈላለዩ ተግባራት ከይፍፅሙ ምግባር ይከኣል እዩ፡፡ግዘ ክልከላ ብጣዕሚ ነዊሕ ኮይኑ እቶም ህፃናት እንታይነት እቲ ፀገም ከይርስዑ ምጥንቃቕ ግና ይግባእ፡፡ንኣብነት፡- ንሰለስተ ዓመት ህፃን ሰለስተ ደቒቓ ፣ ንኣርባዕተ ዓመት ህፃን ኣርባዕተ ደቒቓ ዝኣክለ ካብ ዝተደለየ ከባቢ ራሒቆም ክቕመጡ ብምግባር ምኽልካል ይከኣል እዩ፡፡

- ካብ ሰለስተ ዓመት ንተሕቲ ዘለዉ ህፃናት እዚ ሜላ ኣይሰርሕን፡፡ ምኽንያቱውን ናቲ ክልከላ ዕላማ ክግንዘቡዎ ስለዘይኽእሉ እዩ፡፡
- እዚ ተግባር ሜላ መአረሚ ዝኸውን ህፃናት ብተደጋጋሚ ዘይድልይዎ ባህርይ እንተርእዩ እዩ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺውን እዚ መአረሚ ሜላ ኣብ ተግባር ቅድሚ ምውዓሉ ንቶም ህፃናት ብተደጋጋሚ ክማዓዱን ክስማዕምዕሉን ፣ክጥንቀቑሉ ክግበር ይግባእ፡፡

ንኣብነት ፦ እቲ ህፃን ብምንም ምኽንያት ይኹን ብተደጋጋሚ ዝረአዩ ባህርያት ዘርእዩ እንተኾይኑ

- ምስባር ኣቕሑ፣
- ባዕሉ ወይ ካልኦት ህፃናት ምጉዳእን ካብ ተግባሮም ንምግዳፍ ፍቓደኛ ዘይምኻን፣
- ወለዲ /መምህራን ኣብ ዝዛተይሉ ወይ ስራሕ ኣብ ዝሰርሕሉ እዋን ብተደጋጋሚ ምግዳፍ ወይ ብምርባሽ ዘይምስራሕ ፣ወዘተ እንተጋጥም ተግባራዊ ምግባር ይከኣል ፡፡ ንህፃናት እዚ መአረሚ ሜላ ብዝምልከት ግንዛበ ክህልወዎም ካብ ክልተ ዓመትን ፍርቅን ዕድመ ጀሚሩ ምምይያጥ የድሊ፡፡

## 11.ምግንዛብ ሓደጋታት

ህፃናት ንዘሰርሕዎ ስራሕቲ ሓላፍነት ክወስዱ ስራሕቶም ዘስዕቡ ሓደጋ ምግንዛብ የድሊ፡፡

## 12.ውላዶም ከሰሑዎ ዘይደልዩዎ ነገር ወለዲ ባዕሎም ብዘይምትግባር መርኣያ ምኻን ይግበኦም፡፡

ህፃናት ካብ ወለዶምን ስድራኦምን ዝርእይዎን ዝሰምዕዎን ዝትግበሩ፣ ከምኡውን ህፃናት ካብ ዝሰምዕዎ ዝበለፀ ዝርእይዎ ምሓዝ ስለዝቐንኦም ወለዲ ንውላዶም ዝእዝዝዎም ባዕሎም ክሰርሕዎ ይግባእ፡፡

## 13. ሓደጋ ካብ ዘብፅሑ /ንሓደጋ ዘቃልዑ ነገራት ምርሓቕ

ህፃናት ክሕዝዎ ዘይንደልዮ ነገር ካብ ከባቢኦም ብምርሓቕ “ኣይተሓዝዎ፣ ግደፉ” ካብ ምባል ዘሐሸ መማራዒ እዩ፡፡

## 5. ቀንዲ መልእኽትታት

<table><tr><td>

መመያየጢ

በይዛኦም ንቶም ተሳፍቲ ቀንዲ መልእኽትታት የንብቡሎም

</td></tr></table>

- ህፃናት ስነስርዓት ዘለዎም ኾይኖም ማለት ንወላዲ ትዕብት ዝግበረሎም ኣመል /ጠባይ ኣርእይዎም፡፡
- ህፃናት ብእዎንታዊ ስነስርዓት መተግበሪ መንገድታተ ንምህናፅ ወለዲ ንዝተወሰኑ መዓልትታት ዘይኮነስ ንነዊሕ እዋናት ብዘይምቁራፅ ብዝገብርዎ ፃዕርን ውፅኢት ከመዝግቡ ይኽእሉ፡፡
- ወለዲ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ህፃናት እንታይ ምግባር ከምዘለዎምን ከምዘይብሎምን ካብ ምዝራብ ብዝዘለለ ብተግበራ ምርኣይን መርኣያ ምኳንን ይግበኦም፡፡
- ህፃናት ተደላዪ ባህርታት ምርኣይ ወይ ምፍፃም እንተዘይከኣሉ ብእወንታዊ ብመንገዲ መተግበሪ ስነስርዓት ምስትኽኻል ይግባእ፡፡
- ህፃናት አካላዊ ብዝኾነ ሜላ መቕፃዕቲ እንተኾይኑ ስምዒቶም ብዝጎድእ መልክዑ እንቀፅዖም እንተኾኑ ኣብ ነዊሕ ግዘ ህይወቶም ሕማቕ ፅዕንቶ የጋጥሞም፡፡
- ምኽንያት ቅፅዓት ህፃናት ብዘፍረሖም ግቡእ ዘይኮነ ጠባይ ከይደግሙ ክእግድ ይኽእል ፡ ነገር ግና ዘፍረሖም ሰብ ኣብ ዘይህልዎም ግዘ ናብ ዘይድለ ባህርይ ምእታው ዕድሎም ሰፊሕ እዩ፡፡
- መትሓዚ ስነስርዓት ዋና ሽቶ ምኳን ዘለዎም ህፃናት ኣብቲ ማሕበረሰብ ውፅኢታውን ተቀባልነትን ዘለዎ ጠባያት ብድሌት ክትግብሩ ምኽኣል ህፃናት ዓርሰ ምትእምማን ልዕል ክብሉ ምግባር እዩ፡፡
- መንገዲ መተግበሪ እወንታዊ ስነስርዓት ህፃናት ብምፍርራሕ ብምሽቁራር ዘይኮነስ ብፍቃደኝነት ግቡእ ጠባያት ክላበሱ ብምግባርእዩ፡፡
- ቅፅዓት እወንታዊ ዝኾነሉ ብቲ ቅፅዓት ብዝስዕብ ዝኾነ ምኽንያት ኣብቶም ህፃናት አካላዊ ሕማምን ካልኦት ጉድኣታትን ዘይፈጥሩ ወይ አእምሮዊ ጉድኣት ዘየስዕብ እንተኾይኑ እዩ፡፡ ብተወሳኺውን ቅፅዓት እወንታዊ ዝኸውን ህፃናት ኣብ መአረሚ

ኣድላይነት ብግቡእ ክዳለዉሉ ተገይሩ ንዝገብርዎ ኣድላዪ ኣመል/ ባህርይ ቅፅዓት ከምዘድልዮ ባዕላቶም ተስማዕሚያም እንተነይሮም እዩ፡፡

- መተግበሪ እወንታዊ ስነስርዓት /ሓደገኛ መበገሲ መንገድታት ካብ ምኺኖም ዝብገስ ህፃናት ዝበለፀ ዓመፅቲ ክኾኑ ናይ ምድፍፋእ ዓቕሚ ኣለዎም፡፡
- እወንታዊ ግቡእ/ ስነስርዓት መተግበሪ መንገድታት ዝጥቀም ወላዲ ናብ መቕፃዕቲ /መግረፍቲ/ዝኸደሉ ዕድል ዝፀበበ እዩ፡፡